# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 36 ዓመት ቁ.43 ሰሉስ 20 ጥቅምቲ 2026 ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2 ዜና

ገጽ 3 ብዛዕባ ገዛእ-ተመክሮኻ ምጽሓፍ






ገጽ 4 ምክልኻል ጸጸር ኩሊት ብኣመጋግባ






ገጽ 5 ወላዲተይ እንታይ ክሕግዛ እኽእል፧





ገጽ 7 ምልክታ


# ኣብ ስዊዘርላንድ፡ ኬንያን ቐጠርን ዝነብሩ ዜጋታት፡ ድሉውነቶም ንዘበረኸ መኸተን ኣበርክቶን ኣረጋጊጾም

ኣብ ስዊዘርላንድ፡ ኬንያን ቐጠርን ዝነብሩ ዜጋታት ኣብ ዝሓለፈ ቀዳመ-ሰንበት ብበበይኑ ኣብ ዘካየድዎ ሰሚናራት፡ ሓድነቶምን ውዳበታቶምን ብምሕያል ድሉውነቶም ንዘበረኸ መኸተን ኣበርክቶን ኣረጋጊጾም።




ነበርቲ ስዊዘርላንድ ብ17 ጥቅምቲ ኣብ ቀጽሪ ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ጀኔቫ ኣብ ዘቃለዎ ኣብ ህልው ኩነታት ሃገር ብመንጽር ዞባውን ዓለማውን ምዕባለታት ዘተኰረ ሰሚናር፡ ፈጻሚ ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ስዊዘርላንድን ቀዋሚ ወኪል ኣብ ባይቶ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት ሃገራት ኣብ ጀኔቫን ካልኣት ኣህጉራውያን ትካላትን ኣቶ ሃብቶም ዘርኣይ፡ ኣብ እዋናዊ ተልእኾ ዘተኰረ መግለጺ ሂቡ።

ሓላፊ ህዝባውን ኮማውን ጉዳያት ኣቶ እስማዒል መሓመድኑር ብወገኑ፡ ንተራን ኣበርክቶን ማሕበረኮማት ኣብ መደባት ሃገራዊ መኸተ፣ ከምኡ'ውን ምንጽብራቕ ሓቀኛ ምስሊ ኤርትራ ኣመልኪቱ ሰፊሕ መግለጺ ድሕሪ ምቕራብ፡ "ውዳበ ቀንድን መሰረታውን ሓይሊ ስለዝኾነ፡ ውዳበታትና ክሕይልን ክበርታትና ክንከላልዕን ብዝለዓለ ወኒ ክንሰርሕ ይግባእ" ክብል ኣገንዚቡ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ኬንያ ኣቶ በየነ ርእሶም፡ ብ18 ጥቅምቲ ንኤርትራውያን ነበርቲ ከተማ ናይሮቢን ከባቢኣን ሰፊሕ ሰሚናር ኣካዪዱ።

ተሳተፍቲ ኣብ ዝቐረበ ዛዕባታት ድሕሪ ዘካየድዎ ዘተን ክትዕን፡ ሃገራዊ መኸተ ብምሕያል ልኡላውነት ኤርትራ ንምውሓስ ከም ወትሩ ድሉዋት ምዃኖም ኣረጋጊጾም።

ኤርትራውያን ነበርቲ ቐጠር'ውን ብወገኖም፡ ብ17 ጥቅምቲ ኣብ ከተማ ኣ'ደውሓ ኣብ ዝርከብ ባህላዊ ማእከል ኣብ ዝገበርዎ ኣኼባ፡ ኣብ'ዚ ዓለምና ትሓልፎ ዘላ ተኣፋፊ ኩነታት፡ ኣብ ንቕሓትን ውዳበን ዝተሰረተ ድሉውነት ካብ ምርግጋጽ ኣልእ ኣማራጺ ከምዘየለ ብምጥቃስ፡ መሳርያም ብምድልዳል እጃሞም ከምዝዝብኡ ገሊጾም።



ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ፡ ኣምባሳደር ዓሊ ኢብራሂም፡ ንህሉው ኩነታት ዘበርህ መግለጺ ከምዝቐረበ፡ ኣብ'ቲ ቦታ ዝጸንሓና ሓበሬታ ኣፍሊጡ።

# ካብ ኖበል ሰላም - ናብ ኖበል ኩናት

ሽወደናዊ ሊቅ፡ ቀማምን መሃዝን፡ ኣልፍረድ ኖበል፡ ብርቱዕ ነትጒ ዝፈጥር ሓሸዋ መሃዘ። ዕላማኡ ኣኻውሕ ንምፍንቃል ነበረ። እንተዀነ ካልኦት ኣብ ኣጽዋር ኣውዒሎሞስ ቀዛፊ ሰባት ኮነ። ብ1888 ሉድቪግ ኖበል ዝተባህለ ሓው ዓረፈ። ሓንቲ ናይ ፈረንሳ ጋዜጣ ድማ፡ ኣልፍረድ ዝሞተ መሲሉዋ፡ "እቲ ናይ ሞት ነጋዳይ ዓሪፉ" ኢላ ጽሒፋ። ኣዝዩ ሰንበደ። "ታሪኽ ብኸምኡ ድዩ ክዝክረኒ፧" ኢሉ ምሕር ሓዘነ። ሃብታም ነበረ'ሞ፡ ብምህዞኡ ዝደለቦ ሃብቱ፡ ሰላም ንዝፈጥሩን ካልኦት ሃብሮማትን ሽልማት ክወሃበሉ ማዕከን ኣቘመ። በዚ ድማ፡ ስሙ ዓመት መጸ ብሰናይ ከም ዝልዓል ገበረ።

ኣብ 2018፡ ኣብ ኢትዮጵያ ብህዝባዊ ናዕቢ ስርዓት ተለወጠ። ሽግር ኢትዮጵያን ቀርኒ ኣፍሪቃን ኩብቅዕ ድማ ተሰፋ ተቐልቀለ። ሰላምን ስኒትን ዝበሃገ ህዝቢ ኢትዮጵያ፡ ኑቲ ብጠባሪ ልሳኑ፡ ሃዋርያ ፍቕርን ምድማርን መሲሉ ዝመጸ ሓድሽ መራሒ፡ ብልቡ ተቐቢሉዎስ ሰፊሕ ደገፍ ሂቡዎ። ናብ ኣስመራ በረሩ፡ ስምምዕ ሰላምን ምሕዝነትን ምስ ኩተመ ድማ፡ 'ደጊምሲ ህዝብታት ኤርትራን ኢትዮጵያን ኮነ 80 ዓመት ሰላም ዝረሓቖ ቀርኒ ኣፍሪቃ ክኩሓሱ እዮም' - ተገመተ። ዓለም እውን ንኣደቶ፣ እንተ 'ፈጣር ሰላም' ኢላ፡ እንተ ንካልእ ዛዕባ ሓርያቶ፡ ከይተማትአት 'ሽልማት ሰላም ኖቤል' መጠውቶ።

ወዮ ተሸላሚ ሰላም፡ ኣብ ከርሱ ስሱዕ ኩሓዲ፡ ቂመኛን ደም ዘይጸግብን ጋኔን ዓቝሩ ይመጽእ ኢሉ ዝጠርጠረ ኣይነበረን። ሓቀኛ ባህርያቱ ክቕላዕ ከኣ ግዜ ኣይወሰደን። ኣብዚሖም ዘጉንዑ ጵጋባታት ምስ ረኸበ፡ ቅጽበት ሙብጽዓኡ ንህዝቢ ኢትዮጵያ ጠለመ። ትኳቦ ሰሲቑ ንጥቕሞም ከገልግል ተዓሰበ። ንሳቶም ከኣ፡ ጸጋታት ሱዳንን ኢትዮጵያን ክዘምቱ፡ ሃጺያት ምዕራባዊ ገማግም ቀይሕ ባሕርን ወደባቱን ኮይኖም ክጉብልሉ እምብዛ ሃረፍም ነበሩ'ሞ፡ ውጥኖም ብቐረባ ዘሳልጥ ግርም ተለኣኺ ረኸቡ።

ተሸላሚ ሰላም ምስ ጭፍራኡ ሰዊሩዎ ዝመጸ ዘቤታዊ ዕላማ ምሕር ጸቢብ ነበረ። ደላዩ ፍትሕን ማዕርነትን ህዝቢ ኢትዮጵያ፡ ዓንቃጺ ጸቢብ ዕላማኡ ከም ዝኾውን ከሎ ገና ገሚቱ ከኣ፡ ብሓይሊ ብረት ክመልኮ ወሰነ። ኩናት ኣወጀሉ፣ ለኣኹቱ ብዘዕጠቖዎ ድሮናት ተሳሃሎ - ጉዳማት እውን ኣይነሓፈን። መቓቒሉ ሓድሕድ ከፋልሶ እንተላይ ናይ ቀደም ታሪኽ እናገንጸለ፡ ቁስልታት ጸቢብ ፖለቲካ ቀሰቀሰ። ኣብ ዘመነ ስልጣን ተሸላሚ ኖበል፡ ኢትዮጵያ ኣብ ታሪኻ ርእያቶ ዘይትፈልጥ፡ ዘሕዝን ግጭታትን ኩናት ሓድሕድን፣ ገዚፍ ህልቂትን ዕንወትን ምምዝባልን ኣኣንገደት። ህይወት ኣማኢት ኣሽሓት ኢትዮጵያውያን ተቐዚፈ። ምድሪ'ታ ሃገር ክሳብ ቀርምባ ደምን ንብዓትን ጸገበ። ሚልዮናት ብዓሌታውን ሃይማኖታውን መጥቃዕቲ ተፈናቒሉ፣ 12,000 ኣብያተ ትምህርቲ ዓንዮን ተዓጽዮን ልዕሊ 8 ሚልዮን ቆልዑ ካብ ትምህርቲ በኾሩ፣ ልዕሊ 21 ሚልዮን ህዝቢ ተጻባዪ ህጹጽ ረድኤት ኮይኑ።

ወዮም ነጋዶ ሞት መወልቱ፡ መቕዘፍትን መግደራን ህዝቢ ኢትዮጵያ ኣየደንገጾምን። ሽቃሊኦም ኣንጻር ህዝቢ ኢትዮጵያ መዕለቢኡ ዘይፍለጥ ኩናት ኣባሪዑ ከይኣክል፣ ሰላም ጎረቤት ህዝቢ ሱዳን ንምዝራግ እውን፡ ኣብ መሬቱ መናሃርያ መደበር ከቕውም ኣዘዙዎ። ዘበልዐት ኩብዲ ናታ ሕርያ የብላን - ፍቓዶም መልኣ። ኤርትራ ውጥናቶም ኣቐዲማ ነቒሓትሉ ነበረት'ሞ፡ 'ኣፍደገ ባሕሪ' ብዝብል ምኽኒት ንሳ'ውን ክትውረር ኣዘዙ። ኣብዚሖም ድማ፡ ግንዘቦን ኣጽዋርን መጠዉ። ተሸላሚ ሰላም፡ ዝኸፍኣ ጎርቢ ቀርኒ ኣፍሪቃ ኮነ። ብኩናትን ህልቂትን ሽልማት ኖበል እንተዝህሉ ዝወዳደሮ ኣምበይ ምረኸበን።

**ቦርድ ክፍሊ ጋዜጣ**

# ተጋዳላይ ሜጀር ሓድሽ ተኽለ ተሰዊኡ

ገዲም ተጋዳላይ - ሜጀር ሓድሽ ተኽለ ጉብረኣብ፡ ብ17 ጥቅምቲ ኣብ መበል 73 ዓመት ዕድመኡ ብሕማም ተሰዊኡ።



ኣብ 1974 ናብ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ ዝተሰለፈ ተጋዳላይ ሓድሽ፡ ኣብ ግዜ ሓርነታዊ ቃልሲ ኣብ ተዋጋኢ ሰራዊትን ከቢድ ብረትን ካብ ተራ ክሳብ ኣዛዚ ጋንታ፣ ድሕሪ ናጽነት ድማ ኣብ ሚኒስትሪ ጥዕና፡ ምምሕዳራት፡ ሚኒስትሪ ምክልኻል - ሜካናይዝድ 74፡ ካብ 2025 ክሳብ ዕለተ መስዋእቱ ድማ ኣብ እዚ ህዝባዊ ሰራዊት ብዝተፈላለየ ጽፍሕታት ሓላፍነት ንህዝቡን ሃገሩን ብተወፋይነት ዘገልገለ ሓርበኛ እዩ።

ስውእ ሜጀር ሓድሽ ተኽለ፡ ብዓል ሓዳርን ኣቦ ሰለስተ ደቅን እዩ።

ስነ-ስርዓት ቀብሩ ድማ፡ ብ17 ጥቅምቲ ኣብ መካነ-መቓብር ሓርበኛታት ድባርዋ ተፈጺሙ።

ሚኒስትሪ ምክልኻል - እዚ ህዝባዊ ሰራዊት፡ ብመስዋእቲ ገዲም ተጋዳላይ ሜጀር ሓድሽ ተኽለ ጉብረኣብ ዝተሰመዖ መሪር ሓዘን እናገለጸ፡ ንስድራቤቱ፡ መቓልስቱን መሳርሕቱን "ጽንዓት ይሃብኩም" ይብል።

ዜና

# ዓንሰባ - ምዕባለ ተመሃሮ ንምግምጋም መስርሕ ምዘና ክሰራሓሉ ተሓቲቱ





ኣብ መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃር ዝግበር ምዘና፡ ጸገማት ተመሃራይ ኣለሊኻ ሓገዝ ንምግባር እምበር፡ ዝሓለፈን ዝተረፈን ንምፍላይ ጥራይ ዝዓለመ ስለዘይኮነ ብዕቱብ ክስራሓሉ፡ ክኢላታት ሓቲቶም።

እዚ ዝተገልጸ፡ ብ13ን 14ን ጥቅምቲ ኣብ ኲተማ ከረን ኣብ ዝተኻየደ፡ ሱፐርቫይዘራት፡ ሓለፍቲ ትምህርቲ ንኡሳን ዞባታትን ሓለፍቲ ኣሃዱታት ጨንፈር ትምህርትን ኣብ ዝተሳተፍዎ፡ ንምዕባለታት ስርዓት ምዘና ዝምልከት ስልጠና'ዩ።

ኣብ ክፍሊ ሓፈሻዊ ትምህርቲ ሓላፊ ጨንፈር ምዘናን ሃገራዊ መርመራን መምህር ግርማኣለም ተኪኤ ንኤሪና ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ቀንዲ ዕላማ ናይ'ቲ ስልጠና፡ እናተመሓየሸ ክመጽእ ዝጸንሐ ስርዓት ምዘና፡ ብመንገዲ ሱፐርቫይዘራትን ሓለፍቲ ትምህርቲ ንኡሳን ዞባታትን ኣቢልካ ናብ መምህራን ከምዝወርድ ንምግባር ምዃኑ ገሊጹ።

ምዘና፡ ስርዓተ ትምህርቲ ብምሕያል ጸገማት ተመሃራይ ብግቡእ ኣለሊኻ መፍትሒ ንምንዳይ፣ ብኡ ኣቢልካ ድማ ዝምድናታት ተመሃራይን መምህርን ንምድልዳል ዝሕግዝ ኣገዳሲ ኣካል ስርዓት-ትምህርቲ ከምዝኾነ፡ ወሲኹ ሓቢሩ።

ሓላፊ ኣሃዱ ምዘና መምህር ትኩእ ኪዳን ብወገኑ፡ እናተመሓየሸ ዝመጸ ስርዓት ምዘና፡ ኣብ ምብራኽ ብቕዓት ትምህርቲ እወታዊ ኣበርክቶ ከምዘለዎ ብምጥቃስ፡ ንኹሉ ዓይነት ትምህርቲ ክወሃብ ዝጸንሐ ሓደ ሚዛን ተሪፉ፡ ኣብ ቋንቋ ኣደ፡ እንግሊዝኛን ሕሳብን ፍሉይ ሚዛን ክወሃብ፡ ኣብቲ ተታሒዙ ዘሎ ውጥን ምዘና ምዃኑ ኣረዲኡ።

ኣብ'ቲ ብዙሓን ርእይቶታትን ዝዓመቘ ስልጠና፡ ተሳተፍቲ ንዝርኣይዎ ተገዳስነት ዘመጎሱ'ቶም ክኢላታት፡ ኣብ ባይታ ብዝለዓለ ክሰራሓሉ ዘለዎም እምንቶ ገሊጾም።

ሓላፊ ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ዓንሰባ መምህር ክፍላይ ዓንደሚካኤል ኣብ ዝሃቦ መዛዘሚ ቃል፡ ተሳተፍቲ ንዝቐሰምዎ ስልጠና ኣብ ግብሪ ክሰርሑሉ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ኩለን ኣብያተ-ትምህርቲ ወረዱ ተዓቃኒ ውጽኢት ንኽርከቦ ኣበርክቶ ክገብሩ ተማሒጺኑ።

# ኤርትራ፡ ኣብ ናይሮቢ - ኬንያ ኣብ ዝተቓነዐ ዋዕላ ንግድን ወፍሪን ኣፍሪቃ ተሳቲፋ



ኤርትራ፡ "ምምራሕ ሓድሽ መዋእል ንግዲ ኣብ ኣፍሪቃ" ብዝብል ቴማ፡ ካብ 14 ክሳብ 16 ጥቅምቲ ኣብ ናይሮቢ - ኬንያ ኣብ ዝተቓነዐ ዋዕላ ንግድን ወፍሪን ተሳቲፋ።

ኣብ'ዚ ብሃገራዊ ቤት-ምኽሪ ንግድን ኢንዳስትሪን ኬንያ ዝተወደበ ዋዕላ፡ ንልዕሊ 50 ሃገራት ዝወከሉ - ኣፍረይቲ፡ ኣቕረብቲ፡ ኣውፈርትን ወከልቲ ንግዳዊ ኣካላትን ዝርከብዎም ልዕሊ 5 ሽሕ ተሳተፍቲ ተሳቲፎም።

ቀንዲ ዛዕባታት ናይ'ቲ ዋዕላ፡ ንግዲ፡ ወፍሪ፡ ምህዞ፡ መሪሕነትን ምትእስሳርን ዝብል ከምዝነበረ፡ እቲ ዘበጽሓና ሓበሬታ ኣፍሊጡ።

ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ኬንያ ኣቶ በየነ ርእሶም ድማ፡ ኣብ ጉዳይ ጸጥታ፡ ልኡላውነት ማያዊ ኣካላትን ሰላምን፣ ብልጫታት ደቂ ኣንስትዮን መንእሰያትን ማእከል ዝገበረ ንግዳዊ ንጥፈታት፣ ከምኡ'ውን ኣብ ተራ ዲፕሎማስያዊ ውክልናን ኢዱስትሪያዊ ልኡላውነትን ዘተኲረ መደረ ኣቕሪቡ።

ኣምባሳደር በየነ ኣብ መደረኡ፡ ኣብ መንጎ ሃገራት ዝግበር ንግዳዊ ንጥፈታት ንኽምዕብል ግብራዊ ስጉምቲታት ክውሰድ፣ ከምኡ'ውን ርትዓዊ ንግዳዊ ንጥፈታት፣ ንግዳዊ ልኡላውነት ኣፍሪቃ፣ ልዕሊ ኹሉ ድማ ሰላም ኣፍሪቃ ንምርግጋጽ ብውህደት ክስራሕ ኣዘኻኺሩ።


ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ

ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ

ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ተስፋኣለም የማነ

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቍ.ስ 201820 (250)

ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጾ. 247

ለይ-ኣውት

ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍስሃየ

ሳምራዊት ሃብተ ሰሎሜ ኣፈወርቂ

ፋጥና ኣድም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ

ቍ.ስ.113395-07588045

ምልክታ

ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳ.ጾ. 1284


## ኣብ ዓዲ-ቐይሕ፡ ኣብ ጽሬት ኣከባቢ ዘተኲረ ጎስጓስን ወፈራዊ ጽሬትን ተኻይዱ

ኣብ ከተማ ዓዲቐይሕ፡ ከቢቢያዊ ጽሬት ንምሕላው ወፈራ ጽሬትን ምድልዳል ዝተባሕጎ መሬትን ከምኡ'ውን ጎስጓስ ንህዝቢ ተኻይዱ።

ኣብ'ዚ ብምኽንያት ዓለማዊ መዓልቲ ከቢቢያዊ ጥዕና ዝተወደበ መደብ፡ ህዝቢ ምምሕዳራት ከቢቢ ሃዳሙ፡ ሕሸማሌ ሓይሃብን ዑናብርን ከምዝተሳተፈ፡ ወከል ኣገልግሎት ጥዕና ን/ዞባ ዓዲቐይሕ ኣቶ ኮኾብ ተስፋይ ገሊጹ።

ካብ ኣሃዱ ህዝባዊ ጥዕና ኣቶ ተመስገን መልኣከ ብወገኑ፡ ወፈራታት ጽሬት ኣብ ምግታእ ተመሓላለፍቲ ሕማማት ዓቢ ተራ ስለዘለዎ፡ ብስሩዕ ክዝውተር ተላቢዩ።

## ማእከል - ብያታዊ ትልሂት ክስልጥኑ ዝጸንሑ 60 መንእሰያት ተመረቑ



ኣብ ዞባ ማእከል፡ ብምውህሃድ ማሕበር ኤርትራውያን መዚቓኛታትን ኮሚሽን ባህልን ስፖርትን ብያታዊ ትልሂት ብሄራት ኤርትራ ክስልጥኑ ዝጸንሑ 60 መንእሰያት ተመሪቖም።

እቲ ን9 ኣዋርሕ ዝቐጸለ ስልጠና፡ ታሪኻዊ ድሕረባይታ ትልሂት ኣህዛብ ዓለም፡ ልዕሊ 40 ዝኾውን ኣብ መጽናዕቲ ዝተመርኮሰ ያታዊ ትልሂታት ብሄራት ኤርትራ፣ ኣተኣላልያ ትልሂት፣ ድርሰት ትልሂትን ስነ-ትልሂትን፡ ከምኡ'ውን መሰረታዊ ኣፖር መዚቃ ዘጠቓለለ ነይሩ።

ብ17 ጥቅምቲ ኣብ ሲኒማ ኣዝመራ ኣብ ዝተኻየደ ስነ-ስርዓት መመረቕታ፡ ኣቦመንበር ማሕበር ኤርትራውያን መዚቓኛታት ኣቶ መሓመድ ዑስማን ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ዕላማ ናይ'ቲ ስልጠና - ንቕሓትን ኣፍልጦን መንእሰያት ኣብ ባህልን ክብርታትን ሕብረተሰቦም ክብ ብምባል፡ ኣብ ሃገራዊ በዓላት ዋንኛት ተሳተፍቲ ንምዕዛዝ ከምዝኾነ ገሊጹ።

ወከል ተመረቕቲ ብወገኑ፡ ንኣገዳስነት ናይ'ቲ ብዓውዱ ክልሱ ሓሳብን ዝቐሰምዎ ስልጠና ብምጥቃስ፡ ብዝበለጸ ክደፍኡሉ ኣዘኻኺሩ።

ኣቲ ስልጠና ዝሃበ ጉዳም ሰነ-ጥበባዊ ካሕሳይ ገብረህይወት ድማ፡ ኣብ 1994 ዝተመስረተ ማእከል ስልጠና ትልሂት፡ ኣብ 29 ዙርያታት 2,700 መንእሰያት ኣሰልጢኑ ከምዝመረቐ ብምጥቃስ፡ ኣብ መላእ ሃገር ተዘርጊሖም ብሞያኦም ይነጥፉ ከምዘለዉ ሓቢሩ።

# ባህልን ስነ-ጥበብን

ኤፍረም ሃብተጽዮን

## ብዛዕባ ገዛእ-ተመክሮኻ ምጽሓፍ

ጉዕዞ ህይወት ገዛእ-ርእሲ ካብ ፍቱዋት ጃንራት ስነጽሑፍ ምዃኑ ኣብዚ ዓመታት ብዙሕ እዋን ጠቒሰና ኣለና። ፍቱው ዝገብሮ ድማ ሰባት ከምኡ'ውን ሰባት ዝተጓዕዝዎ ክፈልጡ፡ ንኽመሃሩሉ፡ ስለ ዝህንጠዩ እዩ። እቲ ዝሰኣሎ መንገዲ ሓደን ሰጣሕን ምስ ዝኸውን ግን እቲ ኣብ ስነጥበብ ዘድሊ ክብሮን ለጠቕን ጥርዝን ለጠቕታን ጭንቅን ባህታን ወጥርን ፍታሕን . . . ዳርጋ ክርከቦ ስለ ዘይክእል፡ ኣሰልቻዊ ክኸውን ይኽእል'ዩ። ስለዚ፡ ሰባት ወትሩ ዝምዕብል ዛንታ እዮም ዝጸበዩ። እቲ ዛንታ ካበይ ተበጊሱ፡ ናበይ ኣላጊሱ፡ ምስ መን ተጋጪዩ (ምስ ሰብ ወይ ምስ ተፈጥሮ)፡ ብኸመይን እንታይን ሰጊሩ፡ ኣበይ ዓሊቡ፡ ወዘተ ብዝኾነ ኣገባብ ዘርኢ ክኸውን ኣለዎ። ኣብ ዝውሕዝ ደኣ'ምበር ኣብ ዝዕቑር ማይ ምንቅስቓስ የለን። ኣብቲ ዝውሕዝ ማይ ድማ'ዩ ዝተፈላለዩ ነገራት - ካብ ጉንዲ ክሳዕ ቆጽሊ - ዝግዓዝ። ስለዚ፡ ዛንታኻ ንኻልኦት መወከሲ ወይ መምሃሪ ዝኸውን ክብሪታን ለጠቕታን ወጥርን ፍታሕን ፍርሕን ትብዓትን ዝኣመሰለ ሕብረ-ብዙሕ ፍጻመታት ኣሎዎ ድዩ፧ እወ እንተ ደኣ ኮይኑ መልሰኻ ጽሓፎ። ኣይፋል እንተ ደኣ ኮይኑ ግን፡ ጊደፎ - ኣርባዕተ ነጥቢ።

ዛንታኻ ዝምዕብልን ዘይምዕብልን ዝገብሮ ብቐንዱ ጥበብን ትብዓትን ኣዘናትዋኻ'ዩ። እቲ ክትነግሮ ዘይትደሊ ክትነግር ትብዓት ኣሎካዶ፧ ማለት፡ ዘሕፍረካ ዝፈጸምካዮ ነገር ካልኦት ንኸይፍጽምዎ መምሃሪ ክኸውን ይኽእል'ዩ ብማለት ክትብሎ ትደፍሮ ወይስ ነቲ ክነግር ዘሎዎ ጉዳያት ኣብ እትምክሓሉን እተጐርረሉን ኢኻ እተድህብ፧ ከምኡ እንተ ደኣ ኮይኑ፡ ምዝንታው ይትረፍ። ግዲ ሓቂ፡ ብዛዕባ ገዛእ-ህይወትካ ኣብ እተዘንትወሉ፡ ኩሉ ምሉእ ጸንቂቕካ ትብሎ ማለት ኣይኮነን። ዘይትብሎ ብርግጽ ኣሎ። ይትረፍ ንኻልኦት ንገዛእ-ርእሰኻ'ውን ክትነግራ ዘይትደሊ (ክትዝክሮ ዘይትደሊ) ፍጻመታት ወይ ተግባራት የጋጥመካ'ዩ። ይትረፍ ከተውርየሉ፡ ፈጺምካ ክትዝክሮ ዘይትደሊ ዝወዓልካዮ ተግባራት ይህሉ'ዩ። ንኣብነት፡ ዘሕፍር ስርቂ ሰሪቕካ፡ ሓሲኻ ዘሚኻ . . . እትፈልጥ ትኸውን'ሞ እቲ ተግባር ሕፍረት ስለ ዝፈጥረልካ ከተዘንትወሉ ኣይትደልን። ወይ ንጹህ ኴንካ ክትቀርብ ስለ እትደሊ፡ ስርቕኻ ጉዲፍካ ብዛዕባ ስርቂ ካልኦት ተውሪ። ንፍሰኻን ተግባራትካን ልዕሊኻ ዝፈልጦ የለን። ብንእሽቶ ተዘንቱ እንተ ደኣ ኣሊኻ ንተግባራትካ ብልቢ-ወለዳዊ ኣገባብ ኣብ ፊልም፡ ሓጺር ዛንታ ወይ ድርሰት፡ . . . ከተቕርቦ ትኽእል ኢኻ፡ ንሰኻ ምዃንካ እቲ ሰራቒ ከይተፈለጠካ፡ ካብ ተግባራትካ ዝፈልቁ ሰረቕቲ፡ ሓሰውቲ፡ ዘመውቲ፡ እናፈጠርካ ክትምህር ትኽእል ኢኻ። ዝ ህድማ ካብ ነፍሲ/ወሸጢ ክንብሎ ንኽእል። ኣብታ ሓቃዊት ዓለም (ኣብ ወሸጥኻ)፡ እቲ ኣውራ ሰራቒ ንስኻ ምዃንካ ትፍለጥ ኢኻ። ኣብ መውዳእታ፡ ዛንታኻ ርኢኻ ወይ ኣንቢብካ ምስ ሰብካን ከም ሰብካን ትስሕቕ። ድርሰታት ስነጥበብ ብኸምዚታት ዝተመልኣ'ዩ።

ስለዚ፡ ንኻልኦት ዝነግር ዛንታ ኣሎኺ ኢልካ ክተዘንቱ እንተለኻ፡ ክሳዕ ክንደይ ኢኻ ነቲ ክነግር ዘሎዎ ክትነግር ትብዓትን ክእለትን ዝህልወካ'ዩ እቲ ሕቶ። ካብ ካልኦት ዝፈልጥዎ እቲ ካልኦት ዘይፈልጥዎ ተግባራትካ'ዩ። ከም ሰብካ ተወሊድካ፡ ዓቢኻ፡ ሰሪሕካ፡ ሸምጊልካ፡ ኣረጊኻ፡ ሜትካ ደኣ'ሞ እንታይ ከተውርየሉ፧ ዝ ዘዝተወልደ ዝኸይዶ! ኣይፋልካን ዘውሓጥ ነገር ደኣ ንገር! ኣብቲ ብህይወት ዝሰገርካሉ፡ ትርጉም ምንባር ዘሎዎ፡ ንኻልኦት ዝነግር ተመክሮ ህይወት ዘይብሉ ሰብ እንተ ደኣ ኴንካ ደኣ'ሞ ካብቲ ዝዋቕረ ሰቢቡ ዝጸፍ ማይ እንታይ ዘፍሊ ክህልወካ ኣሎ፧ ነቲ ምዕቋር፡ ምስዕዑበን ምንጻፍን ብልዑል ጥበቡ ህይወት ክትዝርኣሉ እንተ ደኣ ክኢልካ ከኣ ዕዉት ዕዮ ፈጺምካ ማለት'ዩ። ትብዓትካ'ምበር ፍርሕኻ ክትገልጽ እንተ ዘይክኢልካ፡ እሙን ኣዘንታዊ ኣይኮንካን። ንሰብት ካብ ትብዓትካ ንላዕሊ ፍርሕኻ'ዩ ከም ዝኣምኑኻ ዝገብሮም። ቅድም ፈሪሕካ ደሓር ብኸመይ ተበጊሳ ከም ዝተዓወትካ ምስ እትነግረና ኢና ክንኣምነካ እንኽእል ደኣ'ምበር፡ "ኣብ ማህጸን ወላዲተይ እንከለኹ'የ ተባዕ ክኸውን ምዃነይ ዝተነግረለይ፤ ኣብ ባይታ ከኣ ንሱ'ዩ ዝኾነ!" ኢልካናስ ናይ ዘይምእማንካ መሰልና ሕሉው'ዩ። ፈሪሕ'ውን'ኳ ተባዕ'የ ይብል'ዩ። ከም ሓሳዊ ገይሩ ቅንዑ ክማሰል ዝፍትንከ ኣሎ ድዩ፤ ክሳዕ ዝኸሽሕ።

ኣብ ምዝንታው ዛንታ ህይወት ካብ ዘለው ብድሆታት ሓደ እምበኣር፡ ክሳዕ ክንደይ ኑቲ ክበሃል ዘይክኣል ዝመስል ክትብሎ ትኽእል'ዩ። ዛንታ ውግእ እናጠቐስኻ፡ ቅንጣብ ፍርሒ ከም ዘይነበረካ፡ ዝተተኮሰትካ ጥይት ብሬን ብኢድካ ሐጊዝካ ናብ ጸላኢኻ ከም ዝወርወርካን ደርጊ ጸላኢ ከም ዝቖተልካን ከተዘንቱ'ኳ ትኽእል ኢኻ፡ መን ይኸልኣካ! ክንኣምነካ ግን ንኽእል ዶ፤ "እዋይ ሓሶት!" እናበልና ዲና ዛንታኻ ክንከታተል ወይስ "ኣቤት ጅግንነት!" እቲ ዝልዓል ዘሎ ነጥቢ፡ ኩሉ ዝበርካዮ ኣይንገርንዩ ግን ዝንገር ዘለ ከኣ ክንገር ኣሎዎ ዝብል'ዩ። ዘይንገረሉ ምኽንያት፡ 'ባህሊ' ዝበሃል ነገር ስለ ዘሎ'ዩ። ባህሊ ናይቲ ትጽሕፈሉ ሕብረተሰብ ዝጸየኖ ተግባር እንተ ደኣ ፈጺምካ፡ ንኣብነት፡ ንኣብነት-ነፍሰኻ ደኣ'ምበር ንሓፋሽ ኣይንገርን'ዩ። እዚ ንስኻ ነፍሲ ዘድልዮ ተግባር'ዚ፡ ካብ ምባሉ ዘይምባሉ ዝሕሸሉ ብዙሕ ምኽንያት ኣሎም። ንኣብነት፡ ሓደ ኣገዳሲ ዕውት ስነጥበበኛ ሕልፍ ዝበለ ውሉፍ ናይ ውግዛት ወልፍታት እንተ ደኣ ኮይኑ፡ ዕውት ዕዮታቱ ወጺኢት ናይቲ ዝወሰዶ ውግዝ ኣወላፊ ነገራት'ዩ ዝዕምዕ ዛንታ እንተ ኣዘንቲኻ ንንእሽቱ ኣፍቀርቱን ኣድነቕቱን እንታይ ኢኻ ትብሎም ዘለኻ ምሕሰብ ከድልየካ'ዩ። ኑቲ ክትብሎ እትደሊ ጥራይ ዘይኮነ፡ ኑቲ ክፈጥሮ ዝኽእል ጽልዋ ክትሓስበሉ'ውን ኣሎካ። ገለ ሰባት ክውን ስለ ዝኾነ ብምግላጹ ክዘንቶ ኣሎዎ ይብሉ'ዮም። ግዲ ሓቂ ኩሉ ክውን ነገር ተቐቢልዎ ዝዘንቶ ነይሩ እንተ ዝኸውን፡ እዛ ንነብረላ ዘለና ዓለም ካልእ መሰሓቒ መገረም፡ መሰደመም መልክዕ ምሓዘት ነይራ። እቲ ብዛዕባ ነፍሱን ነብሱን ዘዘንቱ፡ ኑቲ ክብሎ ዝደለ፡ ዝምክሓሉ፡ ዓወታቱ ዝበሎ፡ የሸርሚጊ'ዩ ኢሉ ዝሓሰቦ'ዩ ዝገልጽ ደኣ'ምበር፡ ኑቲ ዘሕፍሮስ ኣይብሎን'ዩ። ደረት ናይቲ ዝበሃልን ክበሃል ዘይብሉን ምፍላጥ ኣገዳሲ'ዩ። ገለ ኣለው ኑቲ ክበሃል ዘሎዎ ዘይበሃል፡ ኑቲ ዘይበሃል ድማ ከም ዝበሃል ገይርዎ ዝወሰዱዎ። ብፍቕሪ ልሉው ኢሉ ዝሓለፈ ኀበዙ ምስ ዓንተረ ፍቕሪ ዝበሃል ነገር ጠሊሑ ከም ዘይብሎ ገይሩ ከዘንቱ እንከሎ፡ ንፍሱ ደኣ'ምበር ንኣናስ ኣየሰኸወናን'ዩ።

ኣንጭዋ እተባህርርም፡ ድቃስ እተኽልኣም፡ ኣብ ስረኣም እተምልቖም ሰባት፡ ዝ ብምኽኖል፡ ኣንበሳ ከም ዘይዓጅቦም፡ ንኡበሪ ብጭሩሖ ሐዚም ከም ዘንፈፋውዎ ገይሮም ክጽሕፉ ይኽእሉ'ዮም። መን ይኸልኦም! ኣብ ዝቕጽል ብዛዕባኦም መጸናዕቲ ምስ ዝካየድ ወይ ምስ ብዓልቲ-ቤቶም ምስ ዝፋትሑ'ዩ ጉዶም ዝቕላዕ፡ "እቲ ኣንበሳ ዘይዓጅቦ፡ ኣንጭዋ እተባህርሮ" ናብ ዝብል ይቕየር ዛንታኦም። በዚ ኮይኑ በቲ ዛንታ ህይወት ክትጽሕፍ ደሊኻ፡ ግርም። ንጹህና ዘሎዎ ግርህነት ክህልወካ ኣገዳሲ'ዩ። ግርህ ኢልካ ምዝንታው፡ ጽባቐ ጽሓፍቲ ዛንታ ህይወት እዩ። ብፍላይ ብዛዕባ ኣብ ህይወትካ ዝገጠሙኻ ሰባት ኣብ እተዘንትወሉ፡ ልዑል ጥንቃቐ የድልየካ። ተራኽብ ተራኺብም፡ ንዕቡያን ንጣፍም፡ ዝመሳሰልኻን ዝመሳሰሎምን . . . ሚዛናዊ ክትገብሮ ትግደድ ኢኻ። ንምዃኑ ስለምንታይ ኢኻ ዛንታ ህይወትካ ክትጽሕፍ ደሊኻ፧ ንኻልኦት ዝነግር ስለ ዘሎዎ ደዩ ወይስ ስለ ዝደለኻ ጥራይ፧ ወይ ከኣ ክጽሕፉ ርኢኻስ "ኣነኸ ካብ መን ሓሚቐ!" ንምባል፧




## ብዛዕባ ገዛእ-ርእስኻ ኣብ እትጽሕፈሉ . . .

ሰባት፡ ብዛዕባ ሕሉፍ ተመክሮኦም ኣብ ዝጽሕፉሉ፡ ኣብቲ ንህይወቶም ዝጸለወ ቅርጺ ዘተሓዘ ዓበይቲ ፍጻመታት ደኣ'ምበር፡ ኣብ ደቃቕቲ ዝርዝራት ከተኩሩ የብሎምን። ኣብ ዝርዝራት ክኣትዉ እንተ መሪጾም ከኣ፡ ኣገዳስነት ናይቲ ዝርዝራት ኣብ ግምት ከእትዉ ኣሎምም። እቲ ዝርዝራት ንመጸኢቲ ወለዶታት ከም መወከሲ ሕሉፍ ክሕግዞም ይኽእል'ዩ ዝብል መረዳእታ ዝሓዘ ጸሓፊ፡ ብዛዕባ መተዓብብሮኡ እንታይ ከምዝመስል ብደቂቕ ክጽሕፍ ይኽእል። መሸረፈቶም እንታይ ትመስል ከም ዝበረትን ካብ ምንታይ ከም እተሰርሐትን ከይተረፈ ክገልጽ ይኽእል'ዩ። ኣብ መጻኢ፡ ካብ ላኻ ዝሰራሕ መሸረፈት ጠፊኡ፡ ኣውተማቲክ መሸረፈት (ደሮ'ኳ ደቅና ፋን ክብሉ ጀሚሮም ኣለዉ) ምስ መጽኡ፡ ኑቲ ኣውተማቲክ ወለዶ፡ እቲ ናይ ላኻ ወለዶ ዝጥቀመሉ ዝበረ መሸረፈት እንታይ ይመስል ከተረድኦ ጽሑፍ ስለ ዝኸውን፡ ብስእሊ ኣሰኒኻን ብቓላት ስእሊ ፈጢርካን ከተዘንትዎ ትኽእል ኢኻ። ኣብ ዛንታ እታ መሰረታዊት ነገር ጥቡብ ኣዘናትዋ እያ። ንኹሉ ሰብ እትፈላለዩ መሰረታዊት ነገር ድማ ንሳ'ያ። ኩላትና ዝዘንቶ ተመክሮ ህይወት ኣሎና ወይ ክህልወና ይኽእል፤ እቲ ኩላትና ዘይብልና ግን ጥቡብ ኣዘናትዋ እዩ።

ሓደ ሰብ ኣብ ሬድዮ ከዕልል ዝሰማዕክዎ እትምስጠኒ ዛንታ ኣላ። ሓደ ብዓል ጉዳይ፡ ጉዳዩ ክጽሕፍ ናብ ጸሓፍቲ ጉዳያት ህዝቢ ይኸይድ'ሞ፡ ዝበሮ ጸገም ዘርዚሩ ነቲ ጸሓፊ ይገልጸሉ። ወዮ ጸሓፊ ነቲ ዝተባህሎ ኩብዲ ብዘበልዕ ኣገባብ ገይሩ ብምቅማም፡ ነቲ ዛንታ ጽሒፉ ምስ ወድኦ፡ ንብዓል ጉዳይ ቅድሚ ምርካቡ፡ ከንብቦሉ ስለ ዝበሮ፡ "ስምዒ'ባል፡" ኢሉ ንባቡ ጀመረ።

ጸሓፊ የንብብ፡ ብዓል ጉዳይ ፈቕ ኢሉ ይበኪ። ጸሓፊ ኣንቢቡ ምስ ወድአ፡ "ስምዒ'እንዶ፡ ድፍረት ደኣ ኣይትቕጸረለይ እምበር፡ ኑቲ ዝገርኻኒ እናኣንበብኩልካ እንታይ ኴንካ ክንደዚ ክትንኽኽ ጸኒሕካ፧" ክብል ተወከሶ።

"ይገርመካ'ዩ! ክሳዕ ክንድ'ዚ ሸግር ከም ዘሎኒ ክርድኣኒ ኣይጸንሐን!" ኢሉዎ ይበሃል። ተረዳዲእና ኣለና። እቲ ነጥቢ፡ ንስምዒትካ ክሳዕ ክንደይ ንሰብት ብዘሰወጦም መንገዲ ከተዘንትዎ ትኽእል'ዩ። ዘይትኽእል እንተ ደኣ ኴንካ ናብ ክኢላታት ጸሓፍቲ ውሰዶ። ወዲ ዘይቅስቅስ፣ ሓፍትፍ ዘዩብል፣ ምንባብ/ምርኣይ ኣቋሪጽካ ከም እትሓስብ ዘይገብር ዛንታ ደኣ'ሞ መምልኢ ገጻት ጥራይ እዩ - ይትረፍ።

ብዛዕባ ጉዕዞ ህይወትካ ኣብ እተዘንትወሉ፡ ኣበይ ከተተኩር ኣለካ ምርዳእ'ውን ኣገዳሲ'ዩ። ተር ከም ዓተር ካብ እትውለድ ክሳዕ እትመውት ብምግዕዚ ከተዘንትዎ ኣይትኽእልን። ኣብ ምውላድካ ፍሉይ ኣጋጣሚን ፍጻመን ምስ ዝህሉ'ሞ ንዝቕጽለ ጉዕዞኻ ዝጸለወ ምስ ዝኸውን፡ ከተሰምረሉን ከተድምቖን ትኽእል። ተወሊድካ፡ ዓቢኻ እንተ ኮይኑ ግን ካብኡ ዝሓልፍ ሽፈነ ኣየድልየን። ስለዚ፡ ኣብ ጉዕዞ ህይወትካ ኑቲ ዝያዳ ጸላውን ንኻልኦት ተመክሮ ክኸውን ዝኽእልን ከተተኩር ኣለካ። ተመክሮ ሓዳርካ እንተ ደኣ ኮይኑ እቲ ንኻልኦት ዝነግር፡ ኣብኡ ዝያዳ ትጸቅጥ፡ ጉዕዞ ትምህርትኻ እንተ ደኣ ኮይኑ፡ ብተመሳሳሊ፡ ኣብኡ ኣድሂብካ ንበዙሓት ብዘተሓሕፍ መንገዲ ተዘንትዎ። ደረፈ እንተ ደኣ ኴንካ፡ ዝያዳ ኣብ ምስራሕን ምቕራብን ደርፍታትካን ምስ ሓፋሽ/ኣፍቀርትኻ ዝገጠመካ ተመክሮን ከተድምቕ ትኽእል፡ ወዘተ።

እቲ ንኽትጽሕፍ ዘገደሰካ ቀንዲ ምኽንያት ኣጸቢቕካ ምልላይ እምበኣር ዝ ግድል'ዚ ይፈትሓልካ'ዩ። ገለ ጸሓፍቲ ናይ መበኣታ ደረጃ ትምህርቶም ማእከል ዝቐጸለ ጉዕዞኦም ብምውሳድ፡ ሰፊሕ ሽፈነ ይህብዎ፣ ገለ ንገጠሙት፡ ገለ ንምሕረስ፡ ገለ ንገድሊ፡ ገለ ንሸቐጥ. . . ኣብ ኩሉ'ቲ እትጽሕፈሉ መዳይ ናይ ህይወትካ ክትምልሶ ዘለካ ሕቶ፡ "እዚ ዛንታ'ዚ ንኾነታታሊ (ኣንባቢ፡ ረኣዪ፡ ሰማዒ) እንታይ እዩ ክቕንጠሉ፧" እትብል ክትከውን ኣሎዋ።

## ኲርናዕ ግጥሚ

### ንሰይጣን ገረሞ

1

ሓኾት በሃሊ -
ጸላኢ ጸልኢ፣
ጸላእቲ ደራብሉ -
በቡሓደን ብሓደን ይኑብሉ።

ይቕጽል፡ ዱል ኪይኑ
ሓቂ ሐዙ ዝተረባረበ
ወሸጡ እናጸረበ፣
ብልሒ ፈጢሩ -
ኣብ ብልሒ ዝደየበ፣
ጸንዑ ዕርዲ መኸተ
ብልሒ፡ ኣብ ብልሒ፡ ምስ ብልሒ፥
ዝተረበ።

ዘዘመጽኣ ልሕጽ
ዘዘመንገደ ግህጽ
ዘዘየንኸረ ብጽብጽ፡ . . .
ምስ ኮነ፣
መዋጽኣ ተደልዩ -
ህድማ ንቕድሚት፣
ዘራይ ተናደዩ -
ግልጽ-ምልጽ ንድሕሪት፣
የማቱጻጋም፡ መዋጽኣ ኣልቦ፣
ኣጸንከረ፡ ኣጸንከራቶ፣
እዛ ኣጸንኮራዮ።

2

ሽምግለ ተደልዩ፡ ብርኪ ምስ ረብረበ
ጣዕሳ ነጊሱ፡ ሕልና ምስ ዓረበ
ናብ ደብሪ ሸይጣውንቲ ደይቡ ዝቐረበ
መኸወሊ ምስሉ፡ ካልእ ምስሊ ዝደረበ፣
ካበይ ይገድድ ኢሉ፥
"ሸይጣን ይሸምግለና" ከኣ በሉ፡
እናተኣገርመ።

ሸይጣን ገረሙዎ፡ 'ቲ ሓጥያት ዝተነብ
ብልጸግና ሓሰቡ ብጸቡቕ ዝተኸበ
ኣየስተብህለሉ'ኳ፡ መኣስ ከም ዝተረበ፣
"ያእ! ክላእ! ናተይ'ኳ ክንድ'ዚ
ኣይበጽሐ
ስሙምኣር፡ ብዙሕ'ዩ ብስመይ ዝሰብሐ
ብልጸግና እናበልካ፡
ቅጥፊትን ቅዝፊትን
ሓሶትን ፍኸሰትን. . .
ለኽቦጣን ሰልቦጣን፣
ጃህራን ጉራን
ተዕቢትን ፈኸራን. . .
ደገም፣
ንቀያየር ሰያመ፡ ምስ ግብርና ዝሰነ
ሰይጣን ንሰኻ፡ ብልጸግና ኣነ፡"

**ምንጪ፤** ER MEDIA

# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

## ምክልኻል ጸጸር ኩሊት ብኣመጋግባ

ጸጸር ኩሊት ኣብ ውሽጢ ኩሊት ተፈጢሩ ንዝኾነ ስርዓት መትረብ ሽንቲ እዩ ዝጸልእ። እቲ ሕማም ኣቐንዛዊ/ኣሳቓዪ ኮይኑ፡ ኣብ ታሕተዋይ ዓንዲ ሕቖ ምሕር ቃንዛ ይፈጥር። ዕግርግር ምጣልን ተምላስን ረሲ ከምኡ'ውን ደም ዝተሓወሶ ሽንቲ ገለ ካብቶም ምልክታቱ እዮም።

ንቐጸልቲ ሰብ፡ ከዕ ምኽኑ ጥዕና ዘይብሉ ኣመጋግባ ምዝውታር፡ ብዝበዝሐ መድሃኒታት ምውሳድ፡ ልዑል ጸቕጢ ደምን ሽኮርን ገለ ካብቶም ብሕማም ጸጸር ኩሊት ክትጥቃዕ ንዘለካ ተኽእሎታት ዘዛይዱ ጠንቅታት ተባሂሎም ይጥቀሱ። ገለ መግብታት ኣለዉ ንተኽእሎታት ናይቲ ሕማም ከዛይዱ ዝኽእሉ። ስለዚ ኣብ ኣመጋግባ ጥንቁቕ ብምኻን ነዞም ተኽእሎታት እዚኦም ኣጉዲልካ ካብ ጸጸር ኩሊት ክትከላኸል ይከኣል እዩ። ሰዓብም ጥዕና ኩሊት ንምሕላው ክትወግዶም ዝግብኣካ መግብታት ተዘርዚርም ኣለዉ።

### ክትኣልዮም ዝግብኣካ መግብታት

- ልዑል 'ኦክሳሌት' (oxalate) ዝተባህለ ኬሚካላዊ ትሕዝቶ ዘለዎም መግብታት ካብ ምምጋብ ምቑጣብ። እዚ ዓይነት ኬሚካላዊ ውህደት'ዚ ኣብ ስፒናቺ፡ ምቁር ድንሽ፡ ፉል፡ ቸኮሌት ዝኣመሰሉ መግብታት ብዝበዝሐ ይርከብ። እዞም ዓይነት መግብታት ክንወስዶም ምስ ዘድልየና፡ ምስ ትሕዝቶ ካልሽዩም ዘለዎም መግብታት ክንወስዶም እዩ ዝምከር። ምኽንያቱ እቲ ጸጸር ኩሊት ክምዕብል ዝኽእል 'ኦክሳሌት' ዝተባህለ ኬሚካላዊ ትሕዝትኦም ክጎድል ወይ ክጠፍእ ስለ ዝኽእል።
- ትወስዶ መጠን ጨው ምጉዳል። ጨው ብዝበዝሐ ትወስድ እንተ'ኾንካ ኣብ መትረብ ሽንቲ ብሓፈሻ ኣብ ኩሊት ድማ ብፍላይ ጸጸር ክእከብ ዝሎ ተኽእሎ ከም ዘዛይዶ ዘይምዝንጋዕ።
- ካብ እንስሳታት ንረኽቦ ፕሮቲን ከም ስጋ፡ ጻባን ወጽኢት ጻባ፡ ጸጸር ኩሊት ክምዕብል ዝለና ተኽእሎታት የዕብዮ እዩ።
- ልዕሊ ዓቐን ቫይታሚን 'ሲ' ምውሳድ ኣብ ጥዕና ኩሊት ልዑል ጉድኣት እዩ ዘውርድ። ከም ሳዕቤኑ ጸጸር ኩሊት ከም ዝፍጠር ስለ ዝገብር፡ መጻልታዊ ኣብ እንወስዶ ቫይታሚን 'ሲ' ግቡእ ጥንቃቐ የድልየና።
- ዝተመስርሑ መግብታት ካብ ምውሳድ ምቑጣብ - ብፍላይ ድማ ልስሉስ ማስተን ተጠቢሶም ንእሉቱ ዝዳለዉ መግብታትን።

### ገለ ሓቅታት

- ዝተፈላለዩ ዓይነት ጸጸር ኩሊት እዮም ዘለዉ። ጸጸር ናይ ካልሽዩም እቲ ልሙድ ኮይኑ፡ 80 ሚእታዊት ግዲያት ጸጸር ኩሊት፡ ጸጸር ናይ ካልሽዩም ዘለዎም እዮም።
- ጸጸር ኩሊት ዝተፈላለየ ሕብሪ እዩ ዘለዎ። ዝበዝሑ ዓይነት ግን ብጫዊ ሕብሪ ይሕዙ።
- ዓቐን ጸጸር ኩሊት ይፈላለ እዩ። ጸጸር ኩሊት ካብ ቦትኡ ክንቀሳቐስ እንከሎ፡ እቲ ዝፈጥሮ ቃንዛ ከም ዓቐኑ ይፈላለ። ገሊኡ ክንዲ ዓይኒ ዓተር ዓቐን ክህልዎ እንከሎ፡ ሳሕቲ ዝርአ ድኣ ይኹን'ምበር ክሳብ ክንዲ ኩዕሶ ናይ ጎልፍ ዝገዝፍ'ውን ጸጸር ኩሊት'ውን ኣለዉ።
- ዝበዝሑ ዓይነት ጸጸር ኩሊት ብኻልሽዩም ዝስርሑ'ኳ እንተኾኑ፡ ካልሽዩም ብምውሳድና ዝመጽኡ ግና ኣይኮኑን። ጸጸር ኩሊት፡ ዘወሰድናዮ ብዝሒ ጨው ነቲ ካልሽዩም ተመጺዩ ንኽይተርፍ ስለ ዝዕንቅጾ እዩ ዝፍጠር።
- ብዝበዝሐ ማይ ብምስታይ ካብ ጸጸር ኩሊት ክንከላኸል ይከኣል እዩ። 50 ሚእታዊት ግዲያት ጸጸር ኩሊት፡ ኣብ መዓልቲ ልዕሊ 2 ሊትሮ ማይ ብዘይ ምስታዮም ዝሓመሙ እዮም።
- ጸጸር ኩሊት ኣብ ግዜ ልዑል ሙቐት ኣየር ብዝበዝሐ ይኸሰት። እዚ ክኸውን ዝኸኣለ፡ ኣብ ከምዚ ዓይነት ወቕቲ ንንቐጸልቲ ሰብ ዝተቓለዐና ስለ ዝኾንና እዩ።




- 1 ካብ 10 ሰብ ኣብ ገለ እዋን ካብ ዕድሚኡ ጸጸር ኩሊት የማዕብል።
- ሓንሳብ ሓንቲ ጸጸር ኣብ ኩሊት እንተኣማዕቢልካ፡ ካልኣይቲ ጸጸር ክትህልወካ ዘሎ ተኽእሎ ብ50 ሚእታዊት ዝለዓለ እዩ። እዚ ነቲ ጸጸር ንምእላይ ግቡእ ክንክንን ፍወሳን ምስ ዘይትገብር እዩ።

### ጸጸር ኣብ ኩሊት እንታይ ማለት እዩ?

ጸጸር ኣብ ኩሊት፡ ተሪር ከም ጸጸር ዝመስል ንእሽቶ ዕንጉር ኣብ'ታ ኣካል ምስ ዝፍጠር ዝርአ ጥዕናዊ ጸገም እዩ። እቲ ጸጸር ዝመስል ዕንጉር ካብ ካልሽዩም፡ ፖታሽዩም፡ ሽንታዊ ኣሲድ (ዩሪክ ኣሲድ) ወዘተ ካብ ዝተባህሉ ኬሚካላዊ ውህደት ክፍጠር ይኽእል።

ጸጸር ኣብ ኩሊት ፈለማ ኣብ ኩሊት እዩ ዝፍጠር። ቀስ ኢሉ ግና ናብ ካልእ ምስ ኩሊት ዝተኣሳሰሩ ክፍልታት ሰብነት ብምኻድ ክምዕብል ይኽእል። እቲ ዕንጉር ጸጸር፡ ወጻኢ ካብ ኩሊት ኣብ ውሽጢ መሻንቶ (ureters)፡ ኣብ ፍሕሽኛ ሽንቲ (bladder)፡ ኣብ መትረብ ሽንቲ (urethra) ክምዕብል ይኽእል።

ጸጸር ኩሊት ንምሕካሙ ኣዝዩ ኣቐንዛዊ



ሕማም እዩ። ጠንቂ ናይዚ ሕማም፡ ከም ዓይነት ናይቲ ማዕበሉ ዘሎ ዕንጉር ይፈላለ።

### ዓይነት ጸጸር ኣብ ኩሊት

#### ካልሽዩም (calcium)

ጸጸር ናይ ካልሽዩም እቲ ልሙድ ዓይነት ጥዕናዊ ጸገም እዩ። መብዛሕትኡ ግዜ ካብ 'ካልሽዩም ኦክሳሌት' (calcium oxalate) ዝተባህለ ማዕድን ክፍጠር እንከሎ፡ ካብ 'ካልሽዩም ፎስፈት' (calcium phosphate) እውን ክምዕብል ይኽእል እዩ። ነዚ ጥዕናዊ ጸገም'ዚ 'ካልሽዩም ኦክሳሌት' ዘለዎም መግብታት ብውሑድ ዓቐን ብምውሳድና ክንከላኸሎ ንኽእል። ልዑል ትሕዝቶ 'ካልሽዩም ኦክሳሌት' ዘለዎም መግብታት ዝተቐልወ ድንሽ፡ ፉል፡ ቾኮሌት፡ ስፒናቺ ወዘተ ክጥቀሱ ይከኣሉ።

ይኹን'ምበር፡ ጸጸር ኣብ ኩሊት ካብ ካልሽዩም ዝፍጠር'ኳ እንተኾነ፡ ኣብ መግብኻ ምጡን ካልሽዩም ብምውሳድ፡ ጸጸር ኣብ ኩሊት ካብ ምፍጣሩ ክንከላኸሎ ከም እንኽእል ሓኪይም የመልክቱ።

#### ሽንታዊ ኣሲድ (Uric acid)

እዚ ዓይነት ጸጸር ኩሊት ካብ ኣብ ደቀንስትዮ፡ ኣብ ደቂ ተባዕትዮ ዝያዳ ይርአ። ሕማም ሪሕ (gout) ኣብ ዘለዎም ሰባት ድማ ዝያዳ ይኸሰት። ኬሚካላዊ ፍወሳ (chemotherapy) ብዝበዝሐ ዝኻይዱ ሰባት'ውን ይርአ እዩ።

እዚ ዓይነት ጸጸር'ዚ ሽንትና ኣዝዩ ኣሲዳዊ ትሕዝቶ ምስ ዝህልዎ እዩ ዝፍጠር። ኣብ መግቢ ዝርከብ ሕብሪ ኣልቦ ዝኾነ 'ፑሪን' (purine) ዝተባህለ ኬሚካላዊ ውህደት ጠንቂ ምፍጣር ናይዚ ጸጸር'ዚ እዩ። 'ፑሪን' ኣብ ስጋ ዓሳ፡ ስጋ፡ ጻባ ወዘተ ይርከብ።

#### ስትሩቫይት (Struvite)

እዚ ዓይነት ጸጸር ምስ ረኽሲ ስርዓት ሽንቲ ዝመጽእ ጸገም ኮይኑ ዝያዳ ኣብ ደቀንስትዮ ይርአ። እዚ ጸጸር'ዚ ካብ ካልኦት ዓይነታት ብዓቐኑ ግዙፍ ዝበለ ኮይኑ ኣብ ስርዓት ሽንቲ ከቢድ ጸገምን ቃንዛን እዩ ዝፈጥር። ብሰንኪ ረኽሲ ኣብ ኩሊት'ውን ይምዕብል እዩ።

#### ሳይስቲን (Cystine)

እዚ ዓይነት ጸጸር'ዚ ብዙሕ ግዜ ዝርአ ኣይኮነን። ብጂነራዊ (genetic) ምምሕዛዕ ዝፍጠር ኮይኑ ኣብ ክልቲኡ ጾታ ይርአ።

ንጸጸር ኩሊት ዝተቓልዑ መን እዮም?

ንጸጸር ኩሊት ዝተቓልዑ ሰባት ኣብ መዓልቲ ትሕቲ ሓደ ሊትሮ ሽንቲ ዝሸኑ ሰባት እዮም። ጸጸር ኣብ ኩሊት፡ ናይ ኩሊት ጸገም ኣብ ዘለዎም ህጻናት ክርአ ይኽእል እዩ። ዝያዳ ግና ካብ 20 ክሳብ 50 ዓመት ዕድመ ኣብ ዝርከቡ ሰባት ዝያዳ ገዚኑ ይኸሰት።

ጸጸር ኩሊት ከተማዕብል ዝኑብሩ ሓያሎ ረቛሒታት ኣለዉ። ኣብ ሕብረተ መንግስታት ኣመሪካ ጻዕዱ ካብ ጸለምቲ ዝያዳ ጸጸር ኩሊት የማዕብሉ።

ጾታ'ውን ናይ ባዕሉ ተራ ኣለዎ። ሓያሎ ደቂ ተባዕትዮ ካብ ደቀንስትዮ ብዝያዳ ጸጸር ኩሊት የማዕብሉ።

ጸጸር ኩሊት ካብ ዘለዎ ስድራ ዝተወልደ ሰብ እቲ ጥዕናዊ ጸገም ኪጋጥሞ ዝሎ ተኽእሎ ልዑል እዩ።

እቶም ካልኦት ጠንቅታት ጸጸር ኩሊት፦

- ሽንቲ ካብ ዓቐን ንላዕሊ ምዕጻር፡
- ጽምኣት ሰብነት (dehydration)
- ምኽሳዕ (obesity)
- ልዑል ዓቐን ፕሮቲን፡ ጨው ወይ ግሉኮስ ብዝበዝሐ ምውሳድ፡
- ኣብ መተሓላለፊ ስርዓት ሽንቲ ጥዕናዊ ጸገም ዘለዎም፡
- ካልሽዩም ብዝበዝሐ ከም ዝምጻእ ዝገብር ናይ ከስዐ ምቅጻል ጸገም ዘለዎም፡
- ንዝተፈላለየ ሕክምናዊ ፍወሳ ብዝበዝሐ መድሃኒት ዝወስዱ ወዘተ እዮም።




### ጸጸር ኩሊት ጸገም ዝኸውን ስለምንታይ እዩ?

እቲ ዝፍጠር ጸጸር ኩሉ ግዜ ኣብ ኩሊት ደው ኣይብልን እዩ። ካብ ኩሊት ናብ መሻንቶ ይሓልፍ። ሻምብቆታት መሻንቶ ድማ ጸቢብን ኣዝዩ ተኻታፍን እዩ። በዚ ድማ እቲ ጸጸር በቲ ሻምብቆ ኣቢሉ ናብ ፍሕሽኛ ሽንቲ ክኣቱ ዓቐኑ ገዚፍ ክኸውን ይኽእል። ስለዚ ቃንዛ ክፈጥርን ደም ኣብ ሽንትና ክሕወሰን ግድን ይኸውን።

ሓደ ሓደ ግዜ እቲ ጸጸር ንዋሕዚ ናይ ሽንቲ'ውን ይዓግቶ እዩ። እዚ ጸገም'ዚ ሽንታዊ ጸገም (urinary obstruction) ይበሃል። ንረኽሲ ወይ ምልኣ ዕንወት ናይ ኩሊት የቃልዕና።

### ምልክታት ጸጸር ኩሊት

ጸጸት ኩሊት ብርቱዕ ቃንዛ እዩ ዘለዎ። ምልክታት ጸጸር ኩሊት፡ እቲ ዕንጉር/ጸጸር ክሳብ ናብ ሻምብቆታት ሽንቲ ዝሓልፍ ብዙሕ ኣይጸሩን እዩ። እዚ ብርቱዕ ቃንዛዚ ብሕክምናዊ ኣጸዋውዓ 'ረናል ኮሊክ' (renal colic) ይበሃል። ኣብ ሓደ ክፋል ታሕተዋይ ሸምጢ ወይ ከስዐ ብርቱዕ ቃንዛ ይፈጥር።

እቲ ቃንዛ ወጻእን ኣታውን ግን ቀጻልነትን ጻዕቅን ዘለዎ እዩ። በዚ ድማ ዕረፍቲ ይኸልእ።

#### ካልእ ምልክታት፦

- ደም ኣብ ሽንቲ፡
- ተምላስ፡
- ዕግርግርን ጸልግልግን ምጣል፡
- ዘይልሙድ ጨና ኣብ ሽንቲ፡
- ዘይንብር ረሲ፡
- ተደጋጋሚ ክትሸይን ምድላይ ወዘተ።

ምንጪ፡ health line

## ኲሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
| --- | --- |
| 10:15 | ብሚኒስትሪ ትምህርቲ ዝዳሎ ኣካዳሚያዊ መደብ |
| 11:45 | ደርፊ |
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:05 | መደብ ጥቡብ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | መደብ መሬት፡ ማይን ኣከባቢን |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ለሰ ስፖርት |
| 15:15 | ዳህሰሳ ሕትመት |
| 15:30 | ብሚኒስትሪ ትምህርቲ ዝዳሎ ኣካዳሚያዊ መደብ |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ደርፊ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ዶክተራት ኣብ ስትድዮ |
| 18:25 | ሰሙናዊ ፍጻመታት ስፖርት |
| 19:10 | ቀስተ ድሕነት |
| 19:25 | ሃሎ ቈልዑ |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | መደብ ዋልታ |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ፊልም እንዳ ዝማም |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:15 | መደብ ዘዋሪት ካሜራ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

ሽባብ

ሃማመተኤ

## ሕቶ ሽባብ

ሃ.ማ.መ.ተ.ኤ. ምኽሪ ብተሌፎን ካብ ዝጅምር፡ ብዙሓት መንእሰያት ተጠቀምቲ ናይ’ዚ ኣገልግሎት ኮይኖም ኣለዉ። ንኡስ ዓምዲ “ሕቶ ሽባብ” እምበኣር ንገለ ካብ’ቲ ብቑጽሪ ስልኪ 124256 ወይ ብቑ.ሳ.ጶስጣ 1042 ናብ “ሆት ላይን” ዝቐርብ ሕቶታት እያ እትምልስ።

# ወላዲተይ እንታይ ክሕግዛ እኽእል፤

ደዋሊ፥ ሃለው ኣገልግሎት ምኽሪ ብተሌፎን ድዩ፧

ኣማኻሪት፥ ኣይተጋገኻን፡ ናብ ኣገልግሎት ምኽሪ ብተለፎን ደዊልካ ኣለኻ። ሄዋን እበሃል መን ክብል፧

ደዋሊ፥ ጆን እበሃል ካብ ኣስመራ’የ ዝድውል ዘለኹ።

ኣማኻሪት፥ ሕራይ ጆን ንመላለዩ ክኾነና ዕድሜኻን ደረጃ ትምህርትኻንዶ ምሓበርካኒ፧

ደዋሊ፥ ወዲ 21 ዓመት ኮይነ፡ 4ይ ዓመት ተመሃራይ ኮሌጅ’የ።

ኣማኻሪ፥ ምኽንያት መደወሊኻ እንታይ ኮን ይኸውን ጆን፧ ክሕግዘካ ድልውቲ’የ።

ደዋሊ፥ ብመጀመርታ የቐንየለይ፣ ዘደወልኒ ምኽንያት ናይ ወላዲተይ ኩነታት ስለ ዘሻቐለኒ’የ። ኣብዚ ቀረባ እዋን ሕማም ሸኮርያ ከም ዘለዋ ብሕክምና ተነጊርዋ ግና ኣይተቐበለቶን። ዘይምቕባላ ድማ ጸቕጢ ፈጢሩላ መድሃኒታ እኳ ብግቡእ ክትጅምሮ ኣይከኣለትን።

ኣማኻሪት፥ ወላዲትካ ጓል ክንደይ ዓመት እያ፧

ደዋሊ፥ ሕጂ ደኣ 52 ዓመት ገይራ ኣላ።

ኣማኻሪት፥ እዚ ሕማም ካብ ዝንገራ ክንደይ ገይራ ኣላ፧ ቅድሚ ሕጂ ዝኾነ ብሕማም ሸኮርያ ሞት ይኹን ስንክልና ዘጋጠሞ ኣባል ስድራ ኣሎ ድዩ፧

ደዋሊ፥ ማዕረ ክንድኡ ዘሰንብድ ኩነታት እኳ ኣየጋጠመን። ስክፍታኣ ግን ክሳብ መዓስ ብመድሃኒት ክንቀሳቐስ፡ ካብ ሕጂ ዘየቋርጽ ከኒና እያ ትብል። ኣብዚ ወርሒ’ዚ እያ ሕማም ሸኮርያ ከም ዘለዋ ተነጊራ።



ኣማኻሪት፥ ነቶም ሓኻይምኪ እንታይ ግብረ መልሲ ትህቦም፧

ደዋሊ፥ ከም ዝሓበረትኒ እንተ ኮይኑ ከም ትጅምሮ ተሰማሚዓ እያ ተፋንያቶም። እንተኾነ ግና ኣብ ገዛ ምስ መጽአት ክትጅምሮ ኣይደለየትን። ገለ ግጉይ ዝኾነ ናይ ሰብ ዘረባ’ውን ሰሚዓ ትኸውን’ያ ዝብል ግምት ኣለኒ።

ኣማኻሪት፥ ከመይ ማለት’ዩ ግጉይ ዘረባ ክትብል እንክለኻ፧

ደዋሊ፥ “ንምንታይ መድሃኒት ቀልጢፍኪ ትጅምሪ፧ ቆጽሊ ንሕባ፡ ቆጽሊ ዘይቱን ሰቲኺ ከተጉድልያ ፈትኒ፡” ዝብላኣ ኣይሰኣናን እየን። ቅድሚ ሕጂ ሓንቲ ሰብ ንሓንቲ ኣደ ከምዚ ዝብል ምኽሪ ክትህብ ሰሚዐያ። ኣብቲ ትብሎ ዝነበረት ዝኾነ ኣፍልጦ ስለ ዘይነበረኒ እሰምዕ ጥራይ እየ ነይረ።

ኣማኻሪት፥ ኣብ ገዛ ክሕግዛ ዝኽእል መን ኣሎ ምስኣ፧

ደዋሊ፥ እንኮ ውላዳ ኣነ ጥራይ’የ። ኣቦይ’ውን ብህይወት ስለ ዘየለ ኣብ ገዛ በይና እያ። ስሕት ኢሉ ኣብ ዕረፍቲ ኣብ ዝመጽኣሉ ቀዳመ ሰንበት እንተ ዘይኮይኑ፡ ዝበዝሐ ግዜ በይና እያ። ንሱ ድማ’ዩ ሻቕሎት ፈጢሩለይ ዘሎ።

ኣማኻሪት፥ ጆን፡ ሕማም ሸኮርያ ሸሕ’ኳ ሕዱር ሕማም እንተኾነ፡ እንተ ደኣ ግቡእ ምክትታል ተገይርሉ ዝኾነ ይኹን ሓልክታት ከየስዓበ፡ ክሳዕ ብህይወት ዘለና ንቡር ንጥፈታት መነባብሮና እናማላእና ክንነብር ዘኽእል ኣይኮነን። ደሓር ከኣ ዝተጀመረ መድሃኒት ክጎድልን ክውሰኽን ይኽእል እዩ። ሰብ ሞያ ጥዕና ኩነታት ተሓካሚ እናተኸታተሉ መድሃኒት ክውሰኹን ክጉድሉን ይኽእሉ’ዮም። ስሩዕ ዝኾነ ምክትታልን ምኽርን ማዕዳን ሓካይም ምስ ዝትግበር ድማ ክሳዕ እቲ ዝተሓተ ዓቐን መድሃኒት ክወርድ ይኽእል እዩ። ስለዚ፡ ብዝሒ መድሃኒት ከም መመኽነይታ ንዘይምጅማር ክኸውን የብሉን። ደሓር ከኣ ሕማም ሸኮር ንምቁጽጻር ብመድሃኒት ጥራይ ዘይኮነ ካልእ ከተማልኦም ዘለካ ንጥፈታት እውን ኣለዉ። ሜላ ኣነባብራኻ ምቕያር ኣገዳሲ እዩ። ንኣብነት - ስሩዕ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ምዝውታር፡ ሽኮራዊ ትሕዝቶ ዘለዎ መግቢ ኣወጊድካ ብኣንጻሩ ኣሕምልቲ ምዝውታር፡ እቲ ዝዓበየ ተሓካሚ ክገብሮ ዘለዎ ነቲ ሕማም ምቕባል እዩ። ንዘመጽኣካ ሕማም ተቐባልነት እንተ ዘይሃልዩ ንሕማምካ ተጋድዶ እምበር ክመሓየሽ ኣይክእልን እዩ። ምኽንያቱ ጸቕጢ ኣእምሮ እንተ ደኣ ሃልዩ ምምዝባል ሆርሞናት (ነዝዕታት) ይህሉ እሞ ዓቐን ሸኮር ኣብ ደም ክውሰኽ ይኽእል። ትሰምዓኒዶ ኣለኻ ጆን፧

ደዋሊ፥ እወ እሰምዓኪ ኣለኹ፤ ሻቕሎተይ ምስኣ ስለ ዘየለኹ እዩ።

ኣማኻሪ፥ ጽቡቕ ኣለኻ ጆን፡ ምስኣ ዘይምህላውካ ዘሻቕል እኳ እንተኾነ ኣብታ ዝመጽእካላ ግና ዝያዳ ካልእ መዓልቲ ኩነታታ ከም ዘተሓሳሰበካን ሕማማ ኣብ ከመይ ኩነታት ከም ዘላ ንኽትፈልጥ ንትካል ጥዕና ክትወስዳን ኣዚኻ ከም እትግደሰላ ክትገልጸላን ከተርእያን ትኽእል ኢኻ። ገለ ሰባት በይነይ ደኣ እንተ ከበደኒ፡ እንተ ረሳዕክዎ’ኸ እናበሉ መመኽነይታ ክድርድሩ ይርአዩ እዮም። ስለዚ ንስኻ ኣብ ጎና ከም ዘለኻ ተደጋጋሚ ክትሕብራ ይግባእ። ንሽይትርስያ’ውን እንተኾነ መዘከሪ ሰዓት መሊእካ ክውሰድ ከም ዝከኣል ክትሕብራ ይከኣል እዩ። እንተ ተኻኢሉ ድማ ንስኻ ናይ ኮለጅ ተመሃራይ ብምዃንካ ዝተፈላለዩ ጽሑፋት ካብ ሰብ ሞያ ተወኪስካ ብምምጻእ፡ ንኣኣ ክርድኣ ብዝኽእል መገዲ ኣብ ገዛ ክትጥቅዓላ ትኽእል ኢኻ። ከምኡ’ውን ኣብተን ትመጽኣለን መዓልታት ናይ ምጉዓዝ ልምዲ ንኽተሕድር ብሓደ ንኺድ ኢልካ ሒዝካያ ክትወጽእ ትኽእል ኢኻ። ሓንሳብ እንተ ለሚዳቶ ንኽትቅጽሎ ጸገም ዘለዎ ኣይኮነን። ደሓር ከኣ ንስኻ ተረጋጊእካ ከተዘራርባ ይግባእ። መድሃኒት ስለ ዘይጀመረት ንምንታይ ብዘስምዕ ኣዘራርባ ትቑጣዕ እንተ ደኣ ኴንካ፡ ክትቅበለካ ዘሎ ተኽእሎ ክትሕት ይኽእል እዩ። ስለዚ ሓልዮት ዘለዎ ኣዘራርባ ኣገዳሲ’ዩ። ኣብ ቅድሚ ከምዚኦም ሰባት ኣብ ቅድሚኦም ዝኾነ ሽኮራዊ ትሕዝቶ ዘለዎም መግብታት ዘይምምጋብ ወይ ዘይምቕራብ። ምኽንያቱ፡ ነብሶም ምግታእ ስኢኖም ሓንቲ እናበሉ ክወስዱ ስለ ዝረኣዩ። እንተተኻኢሉ’ውን ንሕና ነያኦም ክንመስል እንጥቀሞ ዝነበርና ዓቐን ሸኮር፡ ከምኡ’ውን ዓቐን ሸኮር ከወስኹ ዝኽእሉ መግቢ ከም ካርቦ-ሃይድረይት ምስ እንቕንስ ንኣና ርእዮም ኣካይዶኦም ከስተኻኽሉ ይኽእሉ’ዮም። ስለዚ ብሓፈሻ ምስ ንዝኾነ ሕዱር ሕማም ክቕበሉ ዘይክእሉ ዓይነት ሰባት ንነብር እንተ ደኣ ኴንና፡ ንሕና’ውን ብግብርና ክንምህሮም ስለ ዝግባእ፡ ሜላ መነባብሮና ምስ እነመሓይሽ ለውጢ ከነምጽእ ኣይንጽገምን ኢና።

ደዋሊ፥ በሊ የቐንየለይ። ከምዚ ዝበልክኒ ክገብር ክፍትን እየ። ከምኡ እንተ ኮይኑ ካብ ቤተሰብ ብቐረባ ዝከታተላ ሰብ ክገብረላ እኽእል እየ። ንዝሃብክኒ ምኽሪ ግና ደጊመ ኣመስግነኪ።

ኣማኻሪት፥ ኣነ’ውን ምኽሪ ደሊኻ ብምድዋልካ ኣመስግነካ። ንወላዲትካ ድማ ዕድመን ጥዕናን እምነ፣ ብሩኽ መዓልቲ።

## ልቦና

# ሓይሊ ሕጂ

ርጉጽ እዩ ብዙሓት ሰባት ብሕሉፎም ተታሒዞም ገለ ድማ ብዛዕባ መጻኢ እናተጨነቑ ኣብ ማእከል ሕንፍሽፍሽን ዕግርግርን ናይ ህይወት ተጸሚዶም ይነብሩ። መብዛሕትኡ ግዜ ንገዛእ ርእሶም፡ “እንታይ እየ ክኸውን፧” ወይ ድማ “እንታይ እየ ሓሊፈ፧” ኣብ ዝብል ሕቶታት የጥሕሉዋ። ነዞም ከምዚኦም ዓይነት ሰባት፡ ካብ ሕሉፍን ካብ መጻእን ዝያዳ ዝበርትዕ ሓይሊ ከም ዘሎ እንተ ነገርናዮምከ፧ ንህይወትና ለዊጡ፡ ውሽጣዊ ሰላም፡ ሓጐስን ምሉእነትን ከም ዝስምዓና ዝገብር ሓይሊ፣ ሓይሊ ናይ ሕጂ።

እዛ ዘለናያ ህሞት እታ እንኮ ዘላትና ብርቂ ነገር እያ። እታ እንኮ እንሰርሓላን ኣብኣ ምሉእ ሓላፍነት ዘሎናን ግዜ ሕጂ እያ። ኣብቲ ንህይወትና ጽቡቕ ዝኾነ ነገራት ምትኳር መሪጽና ክንነብር፡ ወይ እውን ብናይ ሕሉፍ ጭንቀታትናን ናይ መጻኢ ፍርሕናን ተኣሲርና ክነብር፡ ናትና ውሳነ ይሓትት። ግና እዛ ናይ ሕጂ ህሞት እያ እቲ ናይ ብሓቂ ሓይልና ዝስረተላ። ኣብ ሎሚ ምትኳር ምስ እንጅምር፡ ኣብ ህይወትና ጥልቂ ዕብየት ወይ ለውጢ ከም ዝገበርና እናተገንዘብና ኢና እንኸይድ። ንኣብነት፤

1. ኣብ ሕሉፍ ዝገደፍናዮ ወይ ዝኸሰርናዮ ናይ ምጽብጻብን ብእኡ ምቕንዛውን ባህርና ሓዲግና፡ ነቲ ዝኸደ ገዲፍና ብዛዕባ እቲ ሕጂ ዘሎናን ዘድልየናን ምሕሳብ ንጅምር። ምሉእ ኣተኵርና ድማ ሕጂ ክንገብሮ ኣብ እንኽእል ነገራት ጥራይ ይሕጸር።

2. ኣብ ሕጂ ብምህላውና፡ ምስ ካልኦት ዘሎና ዝምድናታት ዝያዳ እናዓበየ፡ ደረጃ ስኒትናን ምርድዳእናን ምስ ካልኦት እናማዕበለ፡ ጥልቂ ምትእስሳር ክህልወና ይጅምር።

3. ንድሕሪት ዘመልሰናን ብዘመጽእ ዘጨንቐናን ሓሳባት ካብ ርእስና ስለ ዝእለ፡ ፈጠራውነትና ይውሰኽ። ምሉእ ብምሉእ ኣብ ህሉው ብምጽማድና፡ ዕቑር ኣኽህሎትና መዝሚዝና ንጸገማትና መፍትሒ ናይ ምፍጣር ባይታ ነማዕብል።

4. ኣካላውን ስነ ኣእምሮኣውን ጥዕናና ዓዚዙ፡ ኣብ ዝበለጸ ደረጃ ናይ ጥዑይ ኣእምሮ ክንህሉ፡ ጸቕጥን ውጥረትን ክንክ፡ ከምኡ’ውን ጸቕጢ ደምና ከነጉድል ንጅምር።

5. ኣብ ሎሚ ምንባር ብምጅማርና ናይ ርግኣትን ሓጐስን ስምዒትና ዛይዱ፡ ንሓንጐልና ብዘይመጠን ምሕሳብ ኣቋሪጽና ውሽጣዊ ሰላምን ዕግበትን ክስምዓና ይጅምር።

እሞኸ ደኣ ከመይ ገይርና ኢና ሓይሊ ሕጂ ተረዲእና፡ ኣብ ህሉው ህሞት ከነተኩርዶ ንብል ኣለና፧

ገለ ሒደት ነጥብታት እሞ ከፍእመልኩም ዝተረፈ ባዕልኹም ክትምልኡዎ ምኽንኩም ርግጸኛ እየ፣

- ምሉእ ኣድህቦኻ ምኽታት ተላመድ። ኣብ ነፍሲወከፍ መዓልቲ ንዝተወሰነ ደቓይቕ በይንኻ ኣብ ጸጥታ ኮፍ ኢልካ፡ ኣተናፍሳኻ ኣመዓራርኻ፡ ነቲ ዘለኻዮ ህሞት ብምልኣ ክትዕዘቦ ፈትን።

- ኣቓልቦኻ ዝሰልብ ነገራት ኣወግድ። ተለፎንካ፡ ኮምፒዩተርካ፡ ተለቭዥንካ፡ ብሓፈሻ ኵሉ እቲ ኤለክትሮኒክያዊ መሳርሒታትካ ረብሓ ኣብ ዘይብሉ ነገር ምጥቃም ገዲፍካ፡ ብውናኻ ንህሉው ግዜኻ ከተስተብህለሉ ጀምር።

- ህዋሳትካ ኣሳትፎም። ንዙሪት ውጻእ፡ ንትዕዘቦም ትርኢታት፡ ንእትሰምዖም ድምጽታት፡ ኣብ ዙርያኻ ንዘለዉ ሽታታት ኣስተብህለሎም’ሞ ነታ ህሞት ብዕምቈት ኣስተማቕራ።

- ምምስጋን ኣማዕብል። በቲ ዘሎካ ጽቡቕ ነገራት ውሑድ እውን እንተኾነ ዕጉብ ምኳን ተላመድ፣ ኣብዛ ህሞት ብምህላውካ ጥራሕ እውን ኣመስጋኒ ምኳን ይግባኣካ እዩ።

ስለዚ፡ ኣዕሚቖካ ብምስትንፋስ ዓይንኻ ዓሚትካ ሕሰብ። ኣብ ዙርያኻ ሕጂ፡ ንሕጂ ጥራሕ ዝተዋሃብካዮ ብዙሕ ጽቡቕ ነገራት ከም ዘሎ ከተስተብህል ኢኻ፣ ነዚ ጽቡቕ ነገራት ብዛዕባ ትማል ወይ ድማ ጽባሕ ክትሓስብ ከይትኸስሮ ድማ ተጠንቀቕ።

ብርዒ ወጋሕታ

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ሳባ ጉብረመድህን ገድሉ፡ ሓፍተይ ኣሎም ጉብረመድህን ገድለ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ኣቑርደት

ረሞዳን ኣልኣሚን መ/ድ ምባል ተሪፉ፡ ረሞዳን ኣልኣሚን ናሽሕ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ፈይሰል ኣልኣሚን መ/ድ ምባል ተሪፉ፡ ረሞዳን ፈይሰል ኣልኣሚን ናሽሕ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ዓብደልፈታሕ ኣልኣሚን መ/ድ ምባል ተሪፉ፡ ዓብደልፈታሕ ኣልኣሚን ናሽሕ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ረንዳ ኣልኣሚን መ/ድ ምባል ተሪፉ፡ ረንዳ ኣልኣሚን ናሽሕ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ረኒያ ኣልኣሚን መ/ድ ምባል ተሪፉ፡ ራኒያ ኣልኣሚን ናሽሕ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ንካልኣይ ግዜ ዝወጽአ ምልክታ ጨረታ

ቀረብ መግቢ፦ ጉፍሮ-ብርበረ ንኣሕዳሪት ቤት ትምህርቲ ስነ-ኪነት ደቀምሓረ
ኣርእስቲ ውዕል፦ ውዕል ዓመታዊ ቀረብ መግቢ ጉፍሮ-ብርበረ ምስ ቀመሙ)
ኣገባብ ውዕል፦ ክፉት ጨረታ (ሃገራዊ)
ኣሕዳሪ ቤት ትምህርቲ ስነ-ኪነት ደቀምሓረ ንዓመት ትምህርቲ 2027 ዝውዕል ቀረብ መግቢ ኩሜርት ስለ ዝደለየ፣ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ይዕድም።

1. ኣሕዳሪ ቤት ትምህርቲ ስነ-ኪነት ደቀምሓረ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ዋጋታት ቀረብ መግቢ (ጉፍሮ-ብርበረ) ብዕሹግ ደብዳበ ከቕርቡ ይዕድም።
2. ጨረታ ንኹሎም ሕጋውያን ኣቕረብቲ ክፉት እዩ።
3. ተጫረትቲ፡ ቅዳሕ ናይ ዓመት 2026 ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒን ናይ ዓመት 2026 ክሊራንስን መንነትን የቕርቡ።
4. ተጫረትቲ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዝደልዩ፡ ካብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ሚኒስትሪ ትምህርቲ ቁ.20 ጨንፈር ሓፈሻዊ ኣገልግሎትን ዕድግን ኣስመራ ቁጽሪ ቴሌ/200593/123749 መጫረቲ ሰነድን ሓበሬታን ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ክረኽቡ ይኽእሉ።
5. ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ን10 መዓልቲ ክፉት ኮይኑ ይጸንሕ። ደንጉዩ ዝቐረበ ጨረታ ክንጸግ እዩ። ተጫረትቲ ሕጋውያን ወኪልትን ክሳተፍ ዝደለ ሰብን፡ ስነ-ስርዓት ኣከፋፍታ ጨረታ ክዕዘቡ ዝመጽኡ ሰባትን ኣብ ዝተረኽቡሉ ኣብ ኣዳራሽ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ሚኒስትሪ ትምህርቲ ኣስመራ ኣብ መበል ዓስራይ መዓልቲ ልክዕ ሰዓት 10፡00 ቅ/ቀትሪ ብግልጺ ይኽፈት።
6. መኽበሪ ጨረታ ናይ ጉፍሮ በርበረ ምስ ቀመሙ ድማ Bid security (CPO) 20,000.00 ናቕፋ ክስነ ኣለዎ።
7. ጨረታ፡ መምርሒ ዕድግን ምምሕዳር ንብረት መንግስትን ብዝእዝዞ መሰረት ይካየድ።
9. ሚኒስትሪ ትምህርቲ ብምሉእ ወይ ብኸፊል ጨረታ ንምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ሚኒስትሪ ትምህርቲ
ጨ/ሓ/ኣ/ዕድግን
(ቤ/ት/ስነ-ኪነት ደቀምሓረ)
ቲሌ. 200593/123749

ብስም GODena Tinsae p.l.c ዝተመዝገበ፡ ብቁ.ፍ.ዋኒን KEL00001585 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ዓንሳባ ን/ዞባ ዓዲ ተከሌዛን ዝርከብ ናይ ፎርኖ (C17) ትካለይ፡ ንኣቶ ኣብርሃም ከሰተ፡ ኣድራሻ ዞባ ዓንሰባ ን/ዞባ ዓዲ ተከሌዛን፡ ካብ ዕለት 01/10/2026 ክሳብ ዕለት 01/10/2027 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልታት፡ ስልጣን ንዘለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቐጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከም ዝፈጸመሉ ነፍልጥ።

መልኣከ ነጋሲ ክፍለ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሞልቂ

ት/ዕድመ ተሰፋጋብር ኣሚነ ምባል ተሪፉ፡ ተሰፋጋብር ሓይለኣብ ኣስገዶም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ተሰነይ

ተስፋኣ ኣርኣያ ግደይ ምባል ተሪፉ፡ ተስፉ ኣርኣያ ግደይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ብስም መዓሾ ማሕሙድ ካሕሳይ ዝተመዝገበ፡ ብቁ.ፍ.ዋኒን ASL00002046 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ማ/ከተማ ጎደና ዓዲ ቀይሕ ቁ.ገዛ 45 ዝርከብ ናይ ድኳን ትካለይ፡ ንወ/ሮ ናርዶስ ሓጎስ ኣርኣያ፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ኣኽርያ ጎደና 159-34 ቁ.ገዛ 41 ካብ ዕለት 01/02/2024 ክሳብ ዕለት 31/12/2027 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ንዘሎዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ነፍልጥ።

መዓሾ ማሕሙድ ካሕሳይ

ብስም ወ/ሮ ዮርዳኖስ ዑቕበ፡ ብቁጽሪ ፍቓድ ዋኒን 5795 ቁጽሪ መዝገብ 5293 ኣብ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ መንደፈራ ዓዲ/ከተማ መንደፈራ ዝርከብ ናይ JHS JH6 JI1 ትካለይ፡ ንኣቶ ረዲኤት ግደ ኣርብዒ፡ ኣድራሻ መንደፈራ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ መንደፈራ ዓዲ ከተማ መንደፈራ ተለፎን 07292608 ካብ ዕለት 1/10/26 ክሳብ 31/12/27 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ'ዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ስልጣን ንዘለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡ እንተዘይኮይኑ፣ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቐጺሩ እቲ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ኣፍልጥ።

ዮርዳኖስ ዑቕበ ዑቕባስላሴ

ኣብ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ዓዲ ቐይሕ፡ ዓዲ/ከተማ ዓዲ ቐይሕ ብቁጽሪ ፍቓድ ንግዲ DAL -5782 ቁጽሪ መዝገብ DAR-5335 ዝርከብ ናይ E40 ትካለይ፡ ንወ/ሮ በላይነሽ ተኪኤ ድራር፡ ኣድራሻ ዓዲ ቐይሕ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ዓዲ ቐይሕ ዓዲ/ከተማ ዓዲ ቐይሕ ብዕለት 09/07/2026 መዝ71/2026 ብውህብቶ ዝለዝሃብክዋ፡ ብስም ወሃቢ ዝኽፈሎ ዕዳ ኣለኒ ወይ ይግባኣኒ እዩ ዝብል እንተድኣ ሃልዩ፡ እዚ ምልክታ'ዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ስልጣን ንዘለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቐጺሩ ናብ ስም ውህብቶ ተቐባሊ ከምዝመሓላለፍ ነፍልጥ።

ሄኖክ ክፍላይ ተኽለ



## ሓበሬታ

ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ

ኩሉ መዳያዊ ሓቅታት ኤች.ኣይ.ቪ. ንምፍላጥ ናብ ሃገርዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ ኣገልግሎት ምኽሪ ብተሌፎን ደውሉ ።

ሰዓታት ስራሕ ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ንግሆ 8:00-12;00 ቅ.ቀትሪ ምሸት ድማ ካብ 2:00 – 6:00 ድ.ቀትሪ ብቁ. ስልኪ 110179 ደውሉ ።

ቁ.ሳ.ፖስጣ 5537: E-Mail: bidhonational@gmail.com

ስቕታ ጎዳኢ እዩ ደውሉ ብዛዕባ ኤች.ኣይ.ቪ ብግልጺ ንዘራረብ !!!

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ማሳፍን ወልደሰላሴ ሞባዝጊ፡ ብዓልቲ ቤተይ ወይኒ ኣባይ ገብረመድህን ስለዝዓረፈት፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋበኢያ ቁ.32 ይቕረብ።

ተወልደ ሃብተኣብ ባህታ፡ ኣደይ ኣብርሀት ክፍለየሱስ ሓድጉ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምኻነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋበኢያ ቁ.49 ይቕረብ።

ኣቶ የኤል ሮኽረ ተስፋጽዮን፡ ኣቦና ሮኽረ ተስፋጽዮን ስለዝዐረፈ፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይን ኣዴና ወ/ሮ ኣስመራ ብርሃ ገብረሚካኤልን ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋበኢያ ቁ.32 ይቕረብ።

ሄርሜላ ጸጋይ ባህታ ምባል ተረፉ፡ ሜላሄር ጸጋይ ባህታ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ።

ሸሻይ ጊላዝጊ ተስፋማርያም ምባል ተረፉ፡ ሃና ጊላዝጊ ተስፋማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋበኢያ ቁ.49 ይቕረብ።

ክፍለት ጊላዝጊ ተስፋማርያም፡ ኣቦና ጊላዝጊ ተስፋማርያም ደብረጽዮንን ኣዴና ምሻሹ ኣርኣያ ሃብተገርግሽን ስለዝዐረፉ፡ ንሕና 7 ደቆም ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋበኢያ ቁ.49 ይቕረብ።

ተስፋሚካኤል ኣብርሃለ ደበሳይ ምባል ተረፉ፡ ተስፋሚካኤል ኣብርሃም ደበሳይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 10ይ መጋበኢያ ቁ.38 ይቕረብ።

ኣቶ ግርተም እምባየ ሕድሩ፡ ኣሞይ ኢታይ በየን ሕድሩ ዝበዝኒ ለበዋ ደጽደቐለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋበኢያ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ኤፍሬም ተስፋይ ዘርኦም ምባል ተረፉ፡ ኤፍሬም ተስፋይ መሓሪን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ግርማይ ገብረ ስብሃቱ፡ ምባል ተረፉ፡ ግርማይ በየነ ተኽለሚካኤል ከም ኡ'ውን ስም ኣደይ ክብርቲ ምሕረትኣብ ዓንደ ምባል ተረፉ፡ ክብራ ምሕረትኣብ ዓንደ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ንግስቲ ኣፈወርቂ ጭማር፡ ስም ኣደይ ገብርኤላ በርሀ ሓጎስ ምባል ተረፉ፡ ኣመተ ገብረመድህን ተኽሉ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ማይ ምነ

ወ/ሮ ታሕጓስ ኣርኣያ ሃይሉ፡ ብዓል ቤተይ ሓዱሽ ሃይለ ወልዳይ ስለዝዐረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 8 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ነጋሲ መንግስታኣብ ተወልደ ምባል ተረፉ፡ ፍሊሞን መንግስታኣብ ተወልደ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

እስቲፋኖስ ገ/መድህን ወዛዝ ምባል ተረፉ፡ እስቲፋኖስ ገ/መድህን ተወልደመድህን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ከረን

ኣቶ ኣብርሃም ታደሰ ገ/ሚካኤል፡ ወ/ሮ ፍረወይኒ ዓንደማርያም ገ/ስላሴ፡ ወድና ልኡል ኣብርሃም ታደሰ ስለዝዐረፈ፡ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሓልሓል

ሳልሕ መሓመድ እድሪስ ምባል ተረፉ፡ ሳልሕ መሓመድ እድሪስ ኢብራሂም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### ንካልኣይ ግዜ ዝወጸ ምልክታ ጨረታ

ቀረብ መግቢ፦ (ስጋ ጤል)
ዓዳጊ፦ ሚ/ትክ/ተ/ሞት/ሰ (ኣሕዳሪት ቤት ትምህርቲ ሕርሻን ቴክኒክን ሓጋዝ)
ኣርእስቲ ውዕል፦ (ዓመታዊ ቀረብ መግቢ)
ኣገባብ ዕድጊ፦ ክፉት ጨረት (ሃገራዊ)
ሚ/ት/ክተ/ሞ/ት/ሰ (ንቤት ትምህርቲ ሕርሻን ቴክኒክን ሕጋዝ) ንዓመት 2027 ንተማሃሮ ዝውዕል ቀረብ መግቢ ከጫርት ስለ ዝደለየ፣ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ይዕድም።

1. ሚ/ት/ክተ/ሞ/ትሰ (ንቤት ትምህርቲ ሕርሻን ቴክኒክን ሕጋዝ) ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ዋጋታት ቀረብ መግቢ (ስጋ ጤል) ብዕሹግ ደብዳበ ክቕርቡ ይዕድም።
2. ጨረታ ንኹሎም ሕጋውያን ኣቕረብቲ ክፉት'ዩ።
3. ተጫረትቲ፡ ቅዳሕ ናይ ዓመት 2026 ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒንን መንነትን ናይ ዓመት 2025 ክሊራንስ ናይ ኣታዊ ውሽጢ ሃገርን የቕርቡ።

4 ተጫረጥቲ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዝደልዩ፡ ካብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ሚኒስትሪ ትምህርቲ ጨ/ሓ/ኣገልግሎት ዕድግን ኣብ ቁጽሪ 20 ወይ ብቁ. ቴሌ 200593 ጨረታ ሰነድን ሓበሬታን ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ክረኽቡ ይክእሉ።
5. ብቑዓት ተጫረትቲ፡ ዘይምለስ ጥረ ገንዘብ 50.00 ናቕፋ (ሓምሳ ናቕፋ) ብምኽፋል ሰነድ ጨረታ ክወስዱ ይኽእሉ።
6 ጨረታ ኣብ'ዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ኣድራሻ ክሳብ ዕለት 20/10/26 ሰዓት 9፡30 ቅ/ቀትሪ ወይ ቅድሚኡ ክበጽሕ ኣለዎ። ደንጉዩ ዝቐርብ ጨረታ ይንጸግ። ጨረታ፣ ተጫረትቲ ሕጋውያን ወከልትን ክሳተፉ ዝደሊ ሰብን ስነ ስርዓት ወይ ኣከፋፍታ ጨረታ ክዕዘቡ ዝመጽኡ ሰባትን ኣብ ዝተረኽቡሉ ኣብ ኣዳራሽ ሚኒስትሪ ትምህርቲ (ጨ/ሓ/ኣገ/ዕድግን) ዕለት 20/10/26 ሰዓት 10፡00 ቅ/ቀ ብግልጺ ይኽፈት።
7. ጨረታ፡ ብመኽበሪ ጨረታ CPO 50,000.00 ናቕፋ (ሓምሳ ሽሕ ናቕፋ ) ክስነ ኣለዎ። CPO ምስ መጫረቲ ሰነድ ተታሓሒዙ ብስታራት ኣብ ሳንዱቕ ጨረታ ይኣቱ።
8. ጨረታ፡ ብመምርሒ ዕድግን ምምሕዳር ንብረት መንግስትን ብዘእዝዞ መሰረት ይካየድ።
9. ሚ/ት/ክተ/ሞ/ትሰ (ንቤት ትምህርቲ ሕርሻን ቴክኒክን ሕጋዝ) ብምሉእ ወይ ብከፊል ጨረታ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሃለወ እዩ።

ሚ/ት/ክ/ተ/ሞ/ት/ሰ
(ቤት ትምህርቲ ሕርሻን ቴክኒክን ሓጋዝ)
ቴሌፎን 200593

### ንሳልሳይ ግዜ ዝወጽአ ምልክታ ጨረታ

ቀረብ መግቢ፦ እንቋቑሖ
ዓዳጊ፦ ማእከል ስልጠና ሃገራዊ ኣገልግሎት ሳዋ
ኣርእስቲ ውዕል፦ ዓመታዊ ቀረብ መግቢ
ኣገባብ፦ ክፉት ጨረታ ሃገራዊ

ማእከል ስልጠና ሃገራዊ ኣገልግሎት ሳዋ፡ ንዓመት 2027 ካብ ወርሒ 01/2027 ክሳብ ወርሒ 12/2027 ንክሊንካት ዝውዕል ቀረብ መግቢ ከጫርት ስለ ዝደለና፣ ሕጋውያን ኣቕረብቲ ይዕድም።

1. ማእከል ስልጠና ሃገራዊ ኣገልግሎት ሳዋ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ዋጋታት ቀረብ እንቋቑሖ ብዕሹግ ደብዳበ ክቕርቡ ይዕድም።
2. ጨረታ ንኹሎም ሕጋውያን ኣቕረብቲ ክፉት እዩ።
3. ተጫረትቲ፡ ቅዳሕ ናይ ዓመት 2025 ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒን፡ ናይ ዓመት 2025 ክሊራንስ ናይ ኣታዊ ውሽጢ ሃገር፡ መንነት ወረቐት የቕርቡ።
4. ተጫረትቲ፡ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዝደልዩ፡ ካብ ቤት ጽሕፈት ጨንፈር ዕድጊ ማእ/ስል/ሃገ/ኣገ/ቤት/ትም/ኢብራሂም ሱልጣን (ፔተን) ነበር ቁጽሪ ተሌፎን 111479 ናይ ጨረታ ሰነድን ሓበሬታን ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ክረኽቡ ይኽእሉ።
5. ብቑዓት ተጫረትቲ፡ ዘይምለስ ጥረ ገንዘብ 100 ናቕፋ ብምኽፋል ሰነድ ጨረታ ክወስዱ ይኽእሉ።
6. ጨረታ፡ ኣብዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ኣድራሻ ሰሉስ ዕለት 20/10/2026 ሰዓት 10፡00 ቅ.ቀትሪ ወይ ቅድሚኡ ክበጽሕ ኣለዎ። ደንጉዩ ዝቐረበ ተጫራቲ ይንጸግ። ጨረታ፣ ተጫረትቲ፡ ሕጋውያን ወከልቲ ኣብ ዝተረኽቡሉ፡ ስነ-ስርዓት ኣከፋፍታ ጨረታ ኣብ ቤት ጽሕፈት ማእከል ስልጠና ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ እምባጋልያኖ ሰሉስ ዕለት 20/10/26 ሰዓት 10.00 ቅ.ቀትሪ ብግሉጽ ይኽፈት።
7. መኽበሪ ጨረታ፡ ዝምለስ ንእንቋቑሖ 10.000 ናቕፋ ብስፒኦ (cpo) ከትሕዙ ይግባእ።
8. ጨረታ፡ መምርሒ ዕድግን ምምሕዳርን ንብረት መንግስትን ብዘእዝዞ መሰረት ይካየድ።
9 . ማእከል ስልጠና ሃገራዊ ኣገልግሎት ሳዋ ብምሉእ ወይ ብከፊል ጨረታ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ማእከል ስልጠና ሃገራዊ ኣገልግሎት ሳዋ
ቁጽሪ ተሌፎን 111479
ኣስመራ ኤርትራ

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ተጸዋዒ ኣቶ ሚከኤል መሓሪ ኣብ ልዕሊኻ ወ/ሮ ናጽነት ጉብረማርያም ሃይለ ንምዝዙት ዝምልከት ክሲ ማሰራታ ስለዝ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን17/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

የርዳኖስ ግርማይ ኣደራጀው፡ ኣቦና ግርማይ ኣደራጀው ማናን ኣዴና ሳራ ተኽለ ተሰፉን ስለዝዋረፉ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ፡፡

ራሓብ ጆሃር ሓጂ ሓሚድ ምባል ተረፉ፡ ራሓብ ጆሃር ሓሚድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ፍረወይኒ ሃብቱ ወልደስላሴ፡ ብዓል ቤተይ ማእከለ ወልደስላሴ ኣርኣያ ስለዝተሰወኡ፡ ንዓይ ናይ መጀምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ኢትዮጵያ ዑቕባዝጊ ሃይሉ ወደይ ሰዩም እስቲፋኖስ ስለዝተሰወአ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ፡፡

ከሳሲ ኣቶ ኣማን ወልዱ ሃብተማርያም፡ ተኸሳሲት ወ/ሮ ኣርሴማ ጳውሎስ ሃይሉ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልኪ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን19/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ፡፡ እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

ወ/ሮ ትብርህ ትንሳኤ ወልደመንቀርዮስ፡ ብዓል ቤተይ በላይ ገብረሂወት ኣርኣያ ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጀምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 1 ወድና ድማ ወራሲ ምዃኑ ይረጋገጸሉ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ፡፡

ጉተ ወልደገርጊስ ደስታ፡ ኣደይ ለተሃይማኖት ምሕረተኣብ ሃብተየውሃንስ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 4 ህሉዋት ኣሕዋተይ 1መዋቲ 3 ተተካእቲ ደቂ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፡ ን12/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ኣስቴር መሓሪ ተወልደመድህን፡ ብዓል ቤተይ ክብሮም የሴፍ ኣሰፍሃ ስለዝተሰወኡ፡ ንዓይ ናይ መጀምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ፡፡

ዘርኣሰናይ ሃብተሚካኤል ተወልደ፡ ስም ኣደይ ኣስመረት ከፈለ ምባል ተረፉ፡ ኣስመረት ከፈላ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ፡፡

ጉዓም በርሀ ሰቨር፡ ኣቦሓጎና ደግዩት ተደላ ተኽለይን ዓባይና ትብለጽ ባህታን ስለዝዋረፉ፡ ኣነ ምስ 28 ደቂ ኣሕታተይን ደቂ ሓትኒታተይን ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፡ ን17/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ኣኽበረት ዋሴ ኣብዩ፡ ብዓል ቤተይ ማሰፍን በለጠ ረታ ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጀምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ፍረወይኒ ገብረስላሴ ባህታ፡ ብዓል ቤተይ ተጋ/ብርሃ ኣብርሃም እያሱ ስለዝተሰወኡ፡ ንዓይ ናይ መጀምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 1 ጓልና ድማ ወራሲት ምዃና ይረጋገጸላ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ፡፡

ናህም ዘርኢት ዕቑባስላሴ ምባል ተረፉ፡ ያሬድ ዘርኢት ዕቑባስላሴ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ሰላማዊት ኣብደም ሃይለማርያም፡ ብዓል ቤተይ ኣማኑኤል ተኪኤ ገብረመድህን ስለዝተሰወኡ፡ ንዓይ ናይ መጀምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ምሕረት እስቲፋኖስ ኪዳ፡ ሓወይ ዳዊት እስቲፋኖስ ኪዳ ስለዝዋረፈ፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ተተካእቲ ደቂ ኣሕዋተይን ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፡ ን11/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ተማሰሽን መሓሪ ገብረሂወት፡ ስም ኣደይ ለቺያ ገብረብርሃን ምባል ተረፉ፡ ልቾም ገብረብርሃን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት ፍርዲ-ዓዲ ኳዕዳድ

በለለ ዓንደም ምባል ተረፉ፡ በየለለል ዓንደም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

መድህንዘርኣ ምባል ተረፉ፡ ለታይ ተስፋማርያም ወልደሃይማኖት ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ሰምሰም ተኽለ ኣስመላሽ ምባል ተረፉ፡ ሜላሂር ተኽለ ኣስመላሽ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/12/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ያቆብ ገብረኣብ ገብረመድህን ምባል ተረፉ፡ ዘርኢያቆብ ገብረኣብ ገብረመድህን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሰተንእኤ ብርሃ ዑ/ሚካኤል ምባል ተረፉ፡ ፍኖተ ብርሃ ዑ/ሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ኣለምጸሃይ ዓንደ ዘሙይ ምባል ተረፉ፡ ኣለም ዓንደ ዘሙይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኾኾብ ኣብረሃለ ሳዊርስ ምባል ተረፉ፡ ሳሊም ኣብረሃለ ሳዊርስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ፈሸን ተኽለ ሰዩም ምባል ተረፉ፡ ኣድያም ተኽለ ሰዩምተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓረዛ

ፍቕረ ሽዊት ኣማረ ምባል ተረፉ፡ ናትናኤል ሽዊት ኣማረ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ብስራት ምራጭ ወልደእየሱስ፡ ብዓል ቤተይ ክብረእየሱስ ማርዮ ተኽለሃይማኖት ስለዝተሰወኡ፡ ንዓይ ናይ መጀምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 11 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

መዝገዐ ቀለኣብ ሰዩም ምባል ተረፉ፡ መዚት ቀለኣብ ሰዩም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኢልሳ ክፍላይ ተኽለይ፡ ብዓል ቤተይ ክፍለ ወልደጋብር መሓሪ ስለዝተሰወኡ፡ ንዓይ ናይ መጀምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ቐይሕ

ሓምድ ሞሳ ዓብደላ ምባል ተረፉ፡ ሞሳ ዓብደላ መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ጸጋ ፍስሃ ሃብቱ፡ ስም ኣደይ ገመዳ ካሕሳይ ዘርኡ ምባል ተረፉ፡ ግምጃ ካሕሳይ ዘርኡ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ከረን

ኣበዮት ተወልደ ተስፋእዝጊ፡ ወለድና ተወልደ ተስፋእዝጊ ህያብን ኣዴና ግምጃ ሕሻል ሽርን ስለዝዋረፉ፡ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ጥራይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ማሕሙድ እድሪስ ኣሕመድድራር ምባል ተረፉ፡ ማሕሙድ እድሪስ ኣሕመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣምና ዑመር እድሪስ፡ ስም ኣደይ ፋጥና ሐመድ መ/ድ ምባል ተረፉ፡ ፋጥና ማሕሙድ መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ዓሊል መሓመድሳልሕ መሓመድ ምባል ተረፉ፡ ኢያ መሓመድሳልሕ መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ምሻበን ሃይለ ሰረቐ፡ ኣደይ ለተኪዳን በኺት ሰለሞን ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሓጋዝ

መሐመድኣሕመድ ኣብበከር ምባል ተረፉ፡ ኢብራሂም ኣሕመድ ኣብበከር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጊንዳዕ

መሓመድ ያእቆብ መሓመድ ምባል ተረፉ፡ መሓመድ ያዕቁብ መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣሕመዲን ዓሊ ዓሊሓምድ ሳልሕክ ምባል ተረፉ፡ ኣሕመዲን ዓሊ ሓምድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ት/ዕድመ ያሰሚን ሳልሕ ማሕሙድ ምባል ተረፉ፡ ያሰሚን ሮሞዳን ኢብራሂም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ኣቑርደት

መርየም ሕዱግ መሓመድ ምባል ተረፉ፡ መርያም ሓዙኩ መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ዑሰማን ጣህር መሓመድ ምባል ተረፉ፡ ያሲን ጣህር መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ዓውድ ሓምድጭሩ ሓምድ ምባል ተረፉ፡ ዳውድ ሓምድ ጭሩም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ያሰር ሓምድ ምባል ተረፉ፡ ያሰር ሓምድ ጭሩም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ባረንቱ

ዑሰማን ዓብዱ እድሪስ ምባል ተረፉ፡ በድረዲን ዓብደልቃድር እድሪስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

# መዘነዩ

ሃብተሚካኤል ዕቑባስላሴ

## ህይወትን መጽሓፍን

"ህይወት ልክዕ ከም መጽሓፍ'ያ፣ ነፍሲ ወከፍ መዓልቲ ከም ገጽ ናይ ሓንቲ መጽሓፍ እያ" - ኔልሰን ማንደላ

ልክዕ ከምቲ ህይወት ዝተፈላለየ ገጻት ዘለዋ፡ መጽሓፍ'ውን ከምኡ እያ፡፡ ገለ ካብቲ ገጻት ናይ'ታ መጽሓፍ ፍሽኽ ዘብሉ እዮም፡፡ ካልኦት ምዕራፋት ናይ'ታ መጽሓፍ ድማ፡ መሪር፡ ዘሕርቑ ከም ስምዒት ሕልሚ ዝመስሉ ምዕራፋት'ውን ኣለዉ፡፡ ካልኦት ድማ ንተስፉ ዝፈታትኑ ዛንታታ'ውን ኣይሰኣኑን እዮም፡፡ ገለ ክፋላት ናይ'ታ መጽሓፍ'ውን ንህይወት ዝቕይሩ እዮም፡፡ ህይወት'ውን ካብኡ ኣይትፍለን ኢያ፡፡ ነፍሲ ወከፍ መዓልቲ ነፍሲ ወከፍ ገጽ መጽሓፍ ጸብ'ቕ ይኹን ሕማቕ ብዘይገድስ ኣገዳሲ ክፋል ናይቲ ዛንታ እዩ፡፡ ብዘተኻእለ




መጠን መጽሓፍ ኣብ ተንበበሉ ህድኣት ኣገዳሲ'ዩ፡ ተሃንዲድካ ዘይምዕጻፍ፡፡ እቲ ምንታይ እቲ ዝዓበየ ምዕራፍ ገና ቀጺሉ እዩ፡፡ ህይወትን መጽሓፍን ፍጹምነት የብሎምን፡፡ ናይ ገዛእ ርእስኻ ደራሲ ምዃንካ ምዝካር፡፡

መጽሓፍ፡ ናይ ገዛእ ርእሱ ዛንታ፡ ገጸ ባህሪ...ዘለዎ እዩ፡፡ ካብኡ ብዘይፍለ ዛንታ ነፍሲ ወከፍ ሰብ ኣገዳሲ ክፋል ኣለዎ፡፡ ደቂ ሰብ ልክዕ ከም ጻዕዳ ገጽ ናይ ሓንቲ ወረቐት እዮም ዝፍጠሩ፡፡ ነፍሲ ወከፍ እንገብሮ ምርጫ ድማ ብቐለም ናይ ገዛእ ርእስና መንፈስ ዝተጻሕፈ እዩ፡፡ ገለኦም ምዕራፋት ብድሙቕ ሕብሪን ሓጎስን ክጽሓፉ እንከለው፡ ገለኦም ድማ ብኣንጻሩ፡፡ ከምቲ ህይወት ብዝተፈላለየ መድረኻት እትሓልፍ፡ መጽሓፍ'ውን ብዝተፈላለየ ምዕራፋት ዝቖመት ኢያ፡፡ ሓደ ምዕራፍ ምስ ተዛዘመ ሓድሽ ምዕራፍ ይጅምር፡፡ ብዝተፈላለየ ገጻት ዝቖማ መጽሓፍን ህይወትን ክልተኣን ዘውድኣሉ ወይ መዛዘሚ ምዕራፍ ኣለወን፡፡

## ብመደብ ምትዕዓዝ

ኣብ ጉዕዞ ህይወት ደዐብ ይንኣስ ብዘየገድስ መደባት ንሰርዕ ኢና፡፡ ኑቲ ዝወጸ መደብ ብኸመይ ዓይነት ጥበብ ኣብ ግብሪ ነውዕሎ ከኣ ወሳኒ እዩ፡፡ ዝኾነ መደብ ናይ ገዛእ ርእሱ ጸቕጢ ኣለዎ፡፡ ንጹር ክትግበር ዝኽእል ዝተጻሕፈ ሸቶ ወይ ዕላማ ምስ ዝህልዎ ግን ብመጠኑ ዝቐለለ ይኸውን፡፡ ዕላማታትካ ኣብ ጽሑፍ ብምስፋር ቀጺሉ ናብቲ ትደልዮ ማእዝን ከም ዝሕብሩኻ ምግባር ተመራጺ እዩ፡፡ ዕላማታትካ ከም ዝርአ ገይርካ እንተ ዘይኣቐራቢካዮ፡ ኣቃሊልካ ብምርኣይ ካብ ምትግባርካ ክትብኩርን



ኣገዳሲ ስጉምቲ ካብ ምውሳድ ክትዝሕትልን ዘሎ ተኽእሎ ዓቢ'ዩ፡፡ እዚ ዓይነት ኣካይዳ ከኣ ሓደ ካብቶም ንድሕሪት ዝጉቱ ባህርያት እዩ፡፡

ሸቶታት፡ መውዓእታ ወጽኢት ጾማ ረሃጽካ'የም፡፡ ናብቲ ከም ትግዕዝ ኣቕዲምካ እንተ ዘይፈሊጥካ፡ ብኸመይ ኢኻ'ሞ ኣበይ ከም ዝበጻሕካ ክትፈልጥ፧ ዕላማታትካ ብጽሑፍ ምስ ተቐምጦ ግን፡ መዓስ ጀሚርካ፧ ዕላማኻ ንምጭባጥ ክንደይ ግዜ ወሲዱልካ፧ ብኸመይ ኣገባብ በጺሕካዮ፧ ከመልክቱልካ ይኽእሉ፡፡ እዚ ምስ ዘይ ትግበር ግን ኣይዳ ጭንቀት ኢኻ ትኸውን፡፡

ቅድሚ ሓያሎ ዓመታት ጭንቀት ዝጉበረሎም ዝበዙሑ ሰባት፡ ብሕማም ረሰዕ ክጥቅዑ ዘለዎም ተኽእሎ ካብቶም ቅሱናት ወይ ዘይጭነቑ ሰባት ብልዕሊ ክልተ ዕጽፊ ከም ዝዓቢ ሆላንዳውያን ተመራመርቲ ይገልጹ፡፡ ብተወሳኺ ተመሳሳሊ መጽናዕቲ ከም ዘረጋገጾ'ውን ዋላ'ቶም ንሓጺር ግዜ ምልክታት ጭንቀት ዘርእዩ ሰባት ሕማም ረሰዕ ከማዕብሉ ዘለዎም ተኽእሎ ልዑል ምዃኑ ይሕብር፡፡ ጭንቀት መጠኑ ደኣ ይፈላለ እምበር ልሙድ ተርእዮ እዩ፡፡ ለይቲ ኣብ ዓራት ደቂስካ ብዛዕባ መጻኢ መደባትካ እንተ ተጨኒቕካ ኣብ በይንኻ ኣይኮንካን፡፡ "ብዛዕባ መጻኢ ምጭናቕ ንቡር እዩ ብመጠኑ እንተደኣ ኮይኑ ድማ ጸብ'ቕን ሓጋዝን'ዩ" ይብል ዶክተር ተም ሻርፕ፡፡ ምኽንያቱ "ብዛዕባ መጻኢ ምሕሳብ ንዝመጽእ መደብ ክንዳለወሉን ከነተግብሮን የኽእለና፡፡" ብምባል ይገልጽ፡፡

ኣብ ንጭነቐሉ ግዜ ብቐልጡፍ ካብ'ቲ ዘጨንቐና እንገላገለሉ መንገዲ ሃሰው ምባል የድሊ፡፡ ዘጨንቐካ ዘሎ ነገር ንምፍታሕ ክትሰርሓሉ ምፍታን እቲ ዝበለጸ ምኳኑ ዶክተር ተም ይሕብር፡፡ ብዛዕባ ፋይናንሳዊ ጉዳያት፡ ወይ ምስ መጻምድትኻ ዘለካ ርክብ ሰክፍታ ምስ ዝህልወካ ከምዚ ዓይነት ጸገማት ልሙድ ምዃኑ ኣሚንካ ተቐበሎ፡፡

እቲ ዝቕጽል ስጉምቲ ኑቲ ኩነታት ንምእራም ዝከኣለካ ምግባር እዩ፡፡ ካብ ዓቕምኻ ንላዕሊ ምስ ዝኸውን ሓገዝ ወይ ምኽሪ ምሕታት ክቡድ ዝበለ ጭንቀት ምስ ዝሰምዓካ ግን ናይ ምዝንጋዕ ሜላታት ምልምማድ ኣገዳሲ እዩ፡፡ ኣድካሚ ዘይኮነ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ኣዝዩ ጠቓሚ እዩ፡፡ በዚ ኣቢልካ ድማ ኣእምሮኻውን ኣካላውን ህድኣት ክትረክብ ይኽእል፡፡ ኣብ ምንካይ ጸቕጢን ምምሕያሽን ድቃስ ሓጊዚ እዩ፡፡ ነዚ ግዜ እዚ ተጠቒምካ ብዛዕባ ጭንቀትካ ኣስተንትን፡፡ ጽሓፎ እሞ ኑቲ ኩነታት ንምፍታሕን ንምምሕያሽን እንታይ ክትገብር ከም እትኽእል ክትሓስብ ኢኻ፡፡

መጠኑ ዝሓለፈ ብዛዕባ መጻኢ ምሕሳብ ግን ምጭናቕ ምጅማር ማለት'ዩ፡፡

## ርእሰ ተኣማንነትካ ዘበርኹ ነጥብታት

- ተግባራዊ ተበግሶ ንፍርሒ የወግድ፡ ዘፍርሃካ ምስ መመኻ ተግባራዊ ተበግሶ ወሰድ፡፡ ንዘገራት ስጉምቲ ከይወሰድካሉም ትም እንተ ኢልካ ንፍርሃኻ'ዩ ዘጋድዶ፡፡ ልክዕ ከምቲ ቁስሊ ከይደረኽስ እንክሎ እንተ ዘይተሓኪሙ ናብ ዝኸፍአ ዘምርሕ ካብኡ ዘይፍለ'ዩ፡፡
- ኣብ ኣእምሮኻ ዘለጉስ ተዘክሮታት ጥራይ ኣቐምጥ፡፡ ሕማቕ ተዘክሮታት ናብ ኣሉታዊ ኣንፈት እዮም ዝመርሑ፡፡
- ንሰባት ኣብ ግቡእ ሚዛኖም ኣቐምጦም፡፡ ሰባት ካብ ፍልልያቶም ተመሳሳልኑቶም ከም ዝዘይድ ዘክር፡፡ ምዕሩይ ዝኾነ ኣጠማምታ ኣብ ሰባት ይሃልኻ፡፡ ብዙሓት ሰባት ይኑብሑልካ ይኾኑ'የም፡፡ እንተ'ኾኑ ኩዩ ከም ዘይናኽሱ ፍለጥ፡፡
- ሕልናኻ 'ቅኑዕ እዩ' ዝበሎ ነገር ግበር፡፡ እዚ ካብ ርእሲ ምትሓት ይከላኸለልካ'ዩ፡፡ ሕልናኻ ዝኣዘዞ ምግባር ፍቱን መንገዲ ዓወት'ዩ፡፡
- "ኣነ ብርእሰይ ዝተኣማመን ሰብ'የ" በል፡፡ ቅኑዕ ናይ ዓይኒ ቆላሕታ ይሃልኻ፡፡ ርእይቶኻ ሃብን ልባዊ ፍሽኽታ መጥውን፡፡



## ጥቕስታት መዛነዩ

- "እቶም ሕሉፍ ታሪኽ ክዝክሩ ዘይክእሉ፡ ዳግማይ ተመሊሶም ክደግምዎ ኣለዎም፡፡" - **ጆርጅ ሳንታያና**
- "ስዉጢ ወጽኢት ሓቀኛ ትምህርቲ እዩ፡፡" - **ለዶ በስቶግልያ**
- "ህዱእ ኣእምሮኻ እቲ ዝበለጸ ጠበንጃ ኣንጻር ብድሆታት ካብ ኮኑ ተዛዘ፡፡" - **ብራያንት ማክበል**
- "ሓንሳእ ኣብ ክትረኽቦ ዘይትኽእል ነገር ክምርኮሰ ኣይትፍቀደሉ፡፡" - **ሲኣስሉዊስ**
- "ኩሎም ዓበይቲ ፍጻመታት ግዜ ይጠልቡ'የም፡፡" - **ማያ ኣንጀሎ**
- "በሊሕ መልሓስ ሓደ ሓደ ግዜ ናይ ገዛእ ርእሱ ጎረሮ ከይተረፈ'ዩ ዝሕርሕር፡፡" - **ጃም ስፐንረሊ**
- "እምነት ማለት መርትዖ ብዘየገድስ ንሓደ ነገር ክትኣምን ምፍታን ኣይኮነን፡ እንታይ ደኣ፡ እምነት ሳዕቤኑ ብዘየገድስ ደፊርካ ገለ ነገር ክትገብር ምኽኣል እዩ፡፡"- **ሸርውድ ኤዲ**
- "ሓገስ ካብ ፍናንን ፈጠራዊ ጻዕርን እዩ ዝርከብ፡፡" - **ፍራንክሊን ዲ ሩዝቬልት**

## ሚካኤል ሎቲቶ

ሚካኤል ሎቲቶ፡ ፈረንሳዊ እዩ፡፡ ብ15 ሰነ 1950 ዝተወልደ ሚካኤል ሎቲቶ፡ ክበልዖ ወይ ድማ ክሕየኾ ዘይክእሉ ነገራት ናይ ምብላዕን ምቁርጣምን ፍሉይ ተውህቦ ዝነበሮ ሰብ'ዩ፡፡

ንሱ፡ ኣብ 1966 ወዲ 16 ዓመት ኣብ ዝነበረሉ'ዩ ኣብ ቅድሚ ህዝቢ ብምውጻእ ሓጻዊን ናይ ምብላዕ ምርኢታት ከካይድ ዝጀመረ፡፡ በዓቲ ኩሉ እናተባህለ ዝጸዋዕ ሎቲቶ፡ ከም ሓጺን፡ ቤትሮ፡ ብሽክሌታ፡ ዓረብያ፡ ንእሽቶ ነፋሪት፡ ቴለቪዥን፡ ጎማን ካልኦት መሳርሒታትን ብዘይ ጸገም ይበልዕ ነበረ፡፡ ሓዊሱ ደብልዩም ነበረ፡፡ ብኣንጻሩ ባናና፡ እንቋቑሖን ዝበሰለ መግቢታትን ከም ዘሕምሞ ይሕብር፡፡

በዓቲ ሓጻዊን ሚካኤል ሎቲቶ ካብ 1959 ክሳብ 1997 ኣስታት 9 ቶን ዝበጽሕ ሓጺን ከም ዝበልዐ ይግመት፡፡ ብሓፈሻ፡ ሎቲቶ ሓንቲ ሰሰና (cess-na) ዝዓይነታ ንእሽቶ ነፋሪት፡ 18 ብሽክሌታታት፡ 15 ዓረብያ፡ 7 ቴለቪዥን፡ 6 ዓበይቲ መብራህቲ ናይ ገዛ 2 ዓራት፡ ሓንቲ ኮምፒዩተርን ከም ዝበልዐ ይንገር፡፡ ሚካኤል ሎቲቶ 25 ሰነ 2007 ኣብ መበል 57 ዓመቱ ብሕማም ካብዚ





ሎቲቶ ድሕሪ ሓጻዊን ምብልዑ ዝኾነ ይኹን ጸገም ከምዘይፈጥረሉ'ዩ ዝዛረብ፡፡ ዋላ'ውን መርዛማት ዝኾኑ ነገራት እንተውሓጠ ዝኾነ ጸገም ከምዘየምጽኣሉ ይገልጽ፡፡ መዓልታዊ ሓደ ኪሎ ግራም ንዝኸሉ ሓጻዊን ማዕድናዊ ዘይቲ ዓለም ብሞት ተፈልየ፡፡ ኣብ ዝተወልደላ ከተማ ግረኖብል ድማ ሓመድ ኣዳም ለቢሱ፡ ጠንቂ ሞቱ ብሰንኪ'ቲ ዝበልዖ ዝነበረ ሓጻውን ከም ዘይኮነ'ኳ ዝገልጹ ወገናት እንተ ሃለዉ፡ ክሳብ ሕጂ ግን እቲ ዝቐተሎ ሕማም ኣይተነጸረን ዘሎ፡፡

## መልሲ ዝተመሳቐለ ቃላት

| | | | | | | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| ዶ | ሮ | ና | | ባ | ላ | | ሃ | መ | ማ | | ቦ |
| ክ | | ር | ህ | ር | ህ | ቲ | | ግ | ል | ባ | ጥ |
| ተ | መ | ገ | በ | | መ | ሕ | ጸ | ቢ | ስ | ኒ | |
| ር | ኦ | | ይ | | ት | | ለ | | | | መ |
| | ረ | ቢ | | ስ | | ኣ | ሎ | ኒ | | ሓ | ደ |
| ም | ም | ል | ማ | ል | | ር | | ሕ | ጸ | | በ |
| ሰ | ታ | ዮ | | ማ | ሃ | ያ | | | ባ | ቡ | ር |
| ል | | ን | ያ | ት | | ም | ባ | ል | | ን | |
| | ዓ | | ታ | | ላ | | ዕ | ባ | ራ | | ስ |
| መ | ስ | ጣ | | ሰ | ም | ባ | ዲ | | ብ | ሃ | ም |
| ል | ቢ | | ቢ | | ባ | ህ | | ሰ | ዓ | ት | |
| ኣ | | ነ | ብ | ሲ | | ሊ | ላ | | ይ | | |

መም ያቆብ መርሃዊ (ጃክ)

# ኣሰለት ጋሽ

እስቲፋኖስ ገብረኪዳን (ሃረም)



መእተዊ ጽሑፈይ በዚ ክጅምር። “ኣሰለት ትብሃል ኣዚያ ቀጣን ነዋሕ ገበል ኣብ ዞባ ጋሽ ባርካ ኣላ። ደምካ መጽያ ትቐትለካ። ቅድም ብእግርካ ጀሚራ ክሳብ ርእስኻ ንምሉእ ኣካላትካ ትጥምጠመካ። ኣብ ኣካላትካ ዝርከብ ደም ናብ ርእስኻ ከም ዝእከብ ትገብር። መልሓሳ ብመሳኹቲ ኣፍንጫኻ ብምእታው ኣብ ኣካላትካ ዘሎ ደምካ ትመጽየካ። ምስ ወደአት ድማ ኣካላታ ካብ ኣካላትካ ክፈላለ እንከሎ ትድርብየካ። ንፉዕ እንተኾይንካ በቲ ሓደ ኢድካ ካራ ጨቢጥካ የማን ጼጋም ኣእዳውካ ዘርጊሕካ ምስ ገረብ ተጸጊዕካ ትጸበያ። ምስቲ ዝተጸጋዕካዮ ገረብ ሓዊሳ ኣካላትካ ምስ ተጠምጠመትካ በቲ ሓደ ኢድካ ብርእሳ ሒዝካ ብካራ ክሳዳ ትቖርጻ። ልምዲ ዘለዎም ብከምዚ እዮም ዝድሕኑ”።

ነዚ ንዊሕ ግዜ ዝኸደ ዕላል ዳርጋ ዘይሰምዐ ሰብ የለን ክበሃል ይከኣል። ንገለና እኳ ዳርጋ ካብ ቁልዕነትና ዘዕበዩና ጽዋ’ዩ። ሓቂ መሲሉና ካብ ሃድን ኣሰለት ርሒቕና ንነብር’ውን ውሑዳት ኣይኮንናን። ኣብኡ ንመጀመርታኡ ናብ ጋሽ ባርካ ወይ ሃገራዊ ኣገልግሎት ግቡኡ ንምፍጻም ሳዋ ዝወርዱ ዓቢ ኣርእስቲ እዩ ዝኾውን። እዚ ዕላል እምበኣር ካብ ሓቂ ዝረሓቐ ምስ ባህርን ጠባይን ኣሰለት ወይ ገበል ዘይከይድ ጽዋጽዋይ እዩ።

ገበል ናይ ምሓዝ ልምዲ ዘለዎም ሰባት፡ ስነፍልጠታዊ ጽሑፋትን ተወኪሰ ዝረኸብክዎ ሓበሬታ ከምዚ ይመስል። ቅድሚኡ ግን ገና ናይ መባእታ ተመሃሮ ከለና ብዛዕባ እንስሳታት ከምዚ ኢና ንመሃር። እንስሳታት ኣብ ክልተ ይኽፈሉ። እንስሳ ዘቤትን እንሳስ ዘገዳምን ተባሂሎም ይጽውዑ። እቶም እንስሳ ዘቤት ኣብ ትሕቲ ኣላይነት ወዲ ሰብ ስለ ዝነብሩ መግቦም መዕቀቢኦም ጥዕናኦም ውሕስነት ኣለዎ። እንስሳ ዘገዳም ግን ኣብ በረኻ ባዕላቶም መግቦም ማእረሮም ምስ ባህሪ እናተቓለሱ ዝናበሩ እዮም።

ሎሚ ሃገርና ብመደብ ክረምታዊ ማእቶት ተመሃሮ፡ ካልእ መደባት ማእቶትን ምግራብን ብዙሕ ከባቢታት ለሚዕን ናብ ዱር ተቐይሩን ይርከብ። ህዝብና ኣጥርዩዎ ዘሎ ባህሊ ምዕቃብ ኣግራብን ሓለዋ ሕሩም ሕዛእትን ኣብ ምስሳን ዱር ኣምጺኡዎ ዘሎ ለውጢ ምስክር ዘድልዮ ኣይኮነን። እዚ ምስሳን ኣግራብን ዱርን ሜካታት ስለ ዝፈጠረ እንስሳ ዘገዳም መዕቀብን እኹል መግብን ንክረኽቡ ሓጊዙ እዩ። እንስሳታት እኹል መግብን ውሑስ መዕቀብን እንተረኺቦም ብብዝሒ ይፋረዩን ይበዝሑን።

ገበል ሓደ ካብ እንስሳ ዘገዳም ኮይኑ፡ ብምንፍሓኹ ዝንቀሳቐስ ዝዓበየ ለመምታ እዩ። ብዓለም ደረጃ ኣስታት 40 ዓይነት ገብል ክህልዉ ከለዉ፡ ኣብ ኣፍሪቃን ኤሽያን ላቲን ኣመሪካን ብብዝሒ ይርከቡ። ኣብ ኣፍሪቃ እንተርኢና 11 ብብዝሒ ዝርኣዩ ዓይነታት ገበል ኣለዉ። ኣብ ምዕራብን ማእከላይን ደቡብን ኣፍሪቃ ብብዝሒ ይርከቡ። ኣብ ሃገርና ሰለስተ ዓይነት ገብል ኣብ ከባቢ ዲላብርዕድን ሩባ ጋሽን ተኸዚን ይነብሩ።

ገብል ዝነውሐ ዕድመ ክሳብ ሰላሳ ዓመት ክጸንሑ ይኽእሉ። እቶም ዝነውሑ ቁመቶም 10 ሜትሮ ይበጽሕ፣ ክብደቶም ከኣ ልዕሊ ሓደ ኩንታል ክምዘን ከም ዝኽእል ጽሑፋት ኣስፊሮም ይርከቡ።

ገበል ሸፋቱ ለማጽን ማራኺ ሕብሪ ቆርበትን ይውንን። ኣብ ሑጻ ወይ ጉድጓድ ካብ 20 ክሳብ 100 እንቋቑሖ ብምጽፋይ ይፋረ። ኣፉ (ላዕላይን ታሕታይን መንጋጋ) ክሳዱን ተመጣጢ ክፍሊ ኣካላቱ እዩ። ገበል ዝብህጎ ምቹእ ቦታ ጠሊ ዘለዎ ዝሑልን ጸጥታ ዝሰፈኖ ከቡብን እዩ። ኣብ ከባቢ ወሓይዝን ከባቢ ማይ ዝርከበሉ ቦታን ብብዝሒ ይነብር። ፍሉይ ትዕድልቲ ናይ ምሕንባስን ኣብ ገረብን ኣኻውሕን ናይ ምሕኳርን ብጸልማት ናይ ምርኣይን ክእለት ኣለዎ።

ኣመጋግባ ገበል ምስ ንርኢ እንስሳታት ብምህዳን ይናበር። ከከም ኩነታቱ ዕበየትን ግዝፍን እንስሳ ከም ኣናጹ፡ ጠበቕ፡ መንካዕ፡ ህበይ፡ መፍለስ፡ ኣዕዋፍ፡ ዓሳ፡ ከምኡ’ውን ኮራኩር ናይ ዝተፈላለዩ እንስሳታት ከም ጉማ፡ ሓርገጽ፡ ነብሪ፡ እንበሳ፡ ዝብኢ፡ ከልቢ በረኻ ጠለ በጊዕን ኩብትን ብምህዳን ይምገቡ።

ዝጠዘሐ ምስ ኣቃውማ ባህርያዊ ስርዓተ ምሕቃቕ ኣመጋግባኡን ብምዝማድ፡ ገበል ኣይምንጭትን ኣይሕይኽን ኣየኾምስዕን እዩ። ገለ ፍሉያት ግን ኣስናንን ንኺ ዝምጠጥ መንጋጋን ዘለዎምን ኣዝዮም መርዛማትን ከም ዘለዉ ሓበሬታ ኣሎ። ገበል ኣብ ኣፉ ኣእትዩ ከም ዘውሕጦ ምስ ዝተኣማመን ጥራይ’ዩ ዝሃድን። ኑቲ ክሃድኖ ዝመረጾ እንስሳ ብክሳዱ ወይ ብካልእ ክፍሊ ኣካላቱ ብኣፉ ምስ ሓዞ ቀልጢፉ ይጥምጠሞ። ተጠምጢሙ ብምጭባጥ ሓያል ጸቕጢ ብምግባር ኣዕጽምቲ ኣካላቱ ይሰብሮ። ስርዓተ ምስትንፋስን ዑደት ዙረት ደምን ከምዝዕጾ ገይሩ ይቐትሎ። ትንፋሱ ምሕላፉ ንምርግጋጽ ብመልሓሱ ኣፉን ኣፍንጫኡን ይድህስሶ። ትንፋሱ ከም ዝሓለፈት ምስ ኣረጋገጸ ብርእሱ ጀሚሩ ክውሕጦ ይጅምር። እቲ ዝተሃድነ ምስ ወሓጦ ዓቢ ምስ ዝኸውን ክሳብ መስርሕ ምሕቃቕ ዝፍጸም ንመዓልታት ክድቅስ ይኽእል። ሓያል ነዚዒ ዘመንጩ ስርዓተ ምሕቃቕ መግቢ ኣለዎ። ጸጉርን ቀርንን ኣዕጽምትን ሽክናን ኣጽፋርን እቲ ክሓቕቕ ዘይክእል ድማ ንግዳም ይተፍኦ። ካብቲ ዘሕቀቐ መግቢ ዝተረፈ ብቐልቀል ይወጽእ።

ገበል ካብ ጸላእቲ ንምክልኻል ብኣፉ ይነክስ። ጭራኡ ወርዊሩ ብሓያል ኩበደት ዝምዘን ይጸፍዕ። ረባሺ ድምጺ ይገብር። ቀንዲ ተጻባእቲ ወይ ጸላእቲ ገበል፡ ከምቲ ድሙ ንተመን በጽፋራ ጭሒጋ ትቐትሎ፡ ነብሪ’ውን ንገበል ኣጽፋሩ ተኺሉ ይቐትሎ። ሓርገጽ ኣብ ማያት ተሓቢኡ ጸኒሑ ሓደጋ ከውርደሉ ይኽእል። ብተወሳኺ ዓበይቲ ኣዕዋፍ ከም ንስሪ ንናእሽቱ ገበል ካብ መሬት መንጢሎም ይወስዱዎም።

ገበል ንሰብ ሓደገኛ ዝኾነሉ ግዜ፡ ሰብ ክከላኸል ኩበል ይጸበኦ እሞ ንሱ’ውን ነብሱ ንምድሓን ክከላኸል ስለ ዘለዎ ግጭት ይፍጠር። ሰብ ብባህርይኡ ካብ ለለምታ ስለ ዝፈርህ ቀልጢፉ ክቕትል እዩ ዝፍትን። ገበል መግቢ ውሒጡ ከሎ ምስ ትጻብኦ ኣዝዩ ይሓርቕ’ሞ ኑቲ ዝተመገቦ ይተፍኦ፡ ብሓያል ነድሪ ድማ ምሳኻ ይበኣስ። ከቢድ ሓደጋ ድማ የውርድ። ኣብ ልዕሊ ህጻናት’ውን ሓደጋ ከይወርድ ጥንቃቐ የድሊ።

ቅድሚ ሓያሎ ዓመታት ኣብ ኣይተራ ዝበሃል ዓዲ ምስ ኣቦይ ባራ ዝበሃል ሽማግለ ሰብኣይ ብዛዕባ ኣሰለት ኣዕሊለ ነይረ። መንግስተ ሰማይ የዋርሶ ኣቦይ ባራ ሎሚ ብህይወት የለን። ኣይተራ ኣብ ዞባ ጋሽ ባርካ ኣብ መንጎ ቶኾምብያን ሃዳሙን ዝበሃላ ዓድታት ትርከብ ንእሽተይ ቁሸት እያ። ነበርታ ካብ ቀቢላ ሃውሳ ኮይኖም ኣብቲ ልሙዕ ለስ ብሕርሻን መጓሰን ኢዶ ሰርሓትን ይናበሩ።

እዞም ነበርቲ ናይዚ ከባቢ፡ ኣካላዊ ክእለትን ባህላዊ ልምድን ከባቢያዊ ፍልጠትን ብምውህሃድ ብፍሉይ ሜላታት እንስሳ ዘገዳም ናይ ምሓዝ ልምዲ ኣለዎም። ኣዝዮም ሓደገኛታት ዝበሃሉ እንስሳታት ከም ኣንበሳ፡ ዝብኢ፡ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ገብል ከምኡ’ውን ኣህባይ ብምሓዝን ብምስልጣንን ፍሉጣት እዮም።



ኣሰለት ተጓዳኢት ኣይኮነትን ኢሎም እዮም ዝኣምኑ። ብሜላ ብምሓዝ ድማ ኣብ ሃገራውን ባህላውን በዓላት ኮነ ፈስቲቫላት ህዝቢ ንምዝናጋዕ ይጥቀምሎም። ንምርኢት ኣብ ክሳዶም ብምስቃልን ምስ ሙዚቃ ብምስዕሳዕን መሳጢ ትርኢት የቕርቡ። ጋሊ (መሓመድ) ዝበሃል ወዲ እዚ ዓዲ፡ ኣሰለት ኣብ ምሓዝ ሓያል ተሞክሮ ዘውንን መንእሰይ እዩ። ሕሉፍ ሓሊፉ ኣብ በረኻ ዝረኸቦም ኣሰለታት ኣብ ሓጹር ጆርዲኑ እዩ ዘቐምጦም። ስለምንታይ ኢሉ ኣብ ዝሓተትክሉ ግዜ፡ ነተን ኣብ ገረውህ እኽልን ፍረታት ጀራዲንን ዝበልዓ ኣናጹ እናሃደነ ስለ ዘጽርየን ሓጊዚ ምኳኑ ገሊጹለይ። ጋሊ ኣሰለት ሒዙ ኣብ ፈቲቫላት ኤክስፖ ብዙሕ ግዜ ተሳቲፉ እዩ።

ኣቦይ ባራ ብዛዕባ ኣሰለት ከዕልሉ ከለዉ ከምዚ ኢሎምኒ ነይሮም። ኣሰለት ብባህሪኣ ተጓዳኢት ኣይኮነትን። ንሰብ እውን ተጻባኢት ኣይኮነትን። ሓድሽ ኩነት ምንቅስቓስ ምስ እትርኢ ትፈርሕን ነቲ ቦታ ገዲፋ ክትርሕቐን እያ ትደሊ። ኣሰለት ርእየ ኢልካ ከም ሰብ ክትሰንብድ የብልካን። ቦታ ክትህባን መንገዲ ክትገድፈላን ኣሎካ። ተቐዳዲምካ ክትጻብኣ የብልካን። ጥንቃቐ የድልየካ እንተድኣ ዘይተጠንቂቕካን ጠባያታ እንተ ዘይኣጸጊዕካን ሓደገኛን ቀታሊትን እያ። ምስ ተሕርቓ ክትህድደካ ትኽእል። ትርኢታ ጥራይ እኳ ትብዖት ይሓትት። ኣሰለት ንምሓዝ ቅልጣፈ ልምዲ ተሞክሮ የድሊ።

እዞም ሓደገኛታት እንስሳታት ብኸመይ ይሕዙዎም፡ ነዞም እንስሳታት ንምሓዝ ዝበዝሐ ሰብ ፈውሲ ከም ዝጥቀሙን ከም ዘደንዝዞም እዩ ዝኣምን። ገለ ሰብ እውን ኣብዞም እንስሳታት ልዕለ ባህርያዊ ምቁጽጻር ኣለዎም ኢሉ ዝኣምን ኣሎ። ኣብ መንጎኦም ዘሎ ርኹብ መሰረት ፍርሕን ምኽባርን ሓደጋ ንምንካይ ዝተዳለወ ፍሉይ ባህርያዊ ኣገባባትን ዝተሃንጸ እዩ። እቶም እንስሳታት ብባህሪኦም ቀተልትን ኣብ ልዕሊ ደቂ ሰብ ሓደጋ ምፍጻም ዓቕሚ ዘለዎምን ክንሶም ደፊሮም ይሕዙዎም። ኣብዚ ከባቢ ብተመን ተነኺሱ ዝመጽኦም ሰብ፡ ጸረ መርዚ ባህላዊ መድሃኒት ብምሃብ ከም ዘሕውዩዎ ግን ኣይሓብኡን።

ኣሰለት ምስ ሰብ ክትነብር ትኽእል’ዶ ሕቶ ኣቕሪበሎም ነይረ። በቲ ቅኑዕ ኣገባብ እንድሕር ሒዝካያ ተጓዳኢት ኣይኮነትን። እኹል ጽሬትን መግብን ገዛን ሂብካ፡ ምሳኻ ክትነብር ክትለማመድ እውን ትኽእል እያ። ንብዙሕ ግዜ ምሓዛ ግን ኣይምረጽን። ባህሪ ዝዓደላ ናይ ምንባር ሜላን ናጽነትን ስለ ዘድልያ ናብ ትነብረሉ በረኻ ኩተብጽሓ ኣሎካ። ንምርኢት ወይ ንፍሉይ ኣጋጣሚ ኣሰለት ኣብ ንሕዘሉ ግዜ ድሕሪ ስራሕና ምውዳእና ናብ መበቆላዊ ቦታኣ ኢና ንመልሳ።

ኣሰለት ተራ ዓይነት ገበል እያ። ካብ ኣናጹ ጀሚራ ክሳብ ኮራኩር ናይ ዝተፈላለዩ ዓይነት እንስሳታት ትምገብ። ልክዕ ከምቲ ስነፍልጠታዊ ጽሑፋት ዝገልጹዎ፡ ልምዳውን ባህላውን ኣገላልጻ እውን ካብኡ ዝፍለ ኣይኮነን። ኣብ ላዕሊ ዝተገልጸ ተጠምጢማ ደምካ መጺያ ትቐትለካ ዝብል ዕላል እምበኣር ካብ ሓቂ ዝረሓቐ ብምኳኑ ጽዋጽዋይ እዩ።

ገበል ብዓይኒ ጥቕሚ ተራእዩ ሲጋኡ ንመግቢ፡ ቆርበቱ ንጫማ፡ ቁልፊ፡ ጃኬት ተደልዩ ሃድን ይካየደሉ ነይሩ እዩ። ኣብዚ ግዜ እዚ ግን ሓያል ናይ ምቁጽጻርን ኣብ ህዝቢ ኣፍልጦን ደረጃ ንቕሓትን ካብ ኢሉ ብምህላዉ ገብል፡ ብሓፈሻ እንስሳ ዘገዳም ካብ ሃድን ውሕስነት ረኺቦም ኣለዉ።

ለመምታ ብብዙሕ ሰብ ተጻላኢ እዩ። ኣሰለት ዝፈቱን ዝጸልእን ሰብ ኣሎ። ብተመን ዝተዳህለሰ ብልሕጺ ሃደመ እኳ ዝበሃል። ገበል ወይ ተመን ርእዩ መንገዲ መዓልቲ ዝሃድም ኣይስኣንን። ገለ ሰብ ከኣ ኣሎ ዕጅብ ዘይብሎ። ገበል ኣብ ከባቢ ገዛኻ ወይ ከባቢኻ ምስ ትርኢ እሞ ስግኣት ምስ ዝፈጥረልካ ብቕልጡፍ ንዝምልከቶ ኣካል ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ከምኡ እውን ሓለዋ ዱርን እንስሳ ዘገዳምን ክትሕብር ይግባኣካ።



# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ስፖርታዊ ውድድር ሓይሊ ኣየር...

### ኣርያም ኣሮን ሓሙሽተ ሸቶታት ብምምዝጋብ ደሚቓ

ካልኣይ ዙርያ ወሸጣዊ ውድድራት እዚ ሓይሊ ኣየር ኤርትራ፡ ዝሓለፉ መዓልታት ብኩዕሶ እግሪን መርበብን ኣብ መዓስከር ሓይሊ ኣየር ፈንቅል ኣየር ቤይዝ ዓጺፉ ቀጺሉ።

ሓሙስ ኣብ ዝተኻየደ ጸወታ ኩዕሶ እግሪ ደቂ ተባዕትዮ፡ ሓለቡትን ርኬትን 1-1 ተፈላልዮም።

ብዓርቢ ድማ ፈንቅል ንጽግዖት 3-1 ክትስዕራ እንከላ ሕድሪ ንጹሓይ በርቂ 2-1 ኣፋንያታ። ኣብ ደቂ ኣንስትዮ፡ ርኬት ንዊና ብጸቢብ 1-0 ክትስዕራ እንከላ ሕድሪ ንጽግዖት ብገፊሕ 6-0 ኣፋንያታ። ኣርያም ኣሮን ሓሙሽተ ሸቶታት ብምምዝጋብ ደሚቓ። ኣብዚ ዕለት ኩዕሶ መርበብ ተኻይዱ ነይሩ። ኣብ ደቂ ኣንስትዮ፡ ርኬት ንዊና 2-1፡ ሓለቡት ንጹሓይ በርቂ 2-0 ሰዒረንኦን።

ብቕዳም ኣብ ዝተሰላሰለ ግጥማት ኩዕሶ እግሪ ደቂ ኣንስትዮ፡ ፈንቅል ንጹሓይ በርቂ ዊና ንጽግዖት ብተመሳሳሊ 1-0 ሰዒረንኦን። ኣብ ደቂ ተባዕትዮ ድማ፡ ጽዓትን ርኬትን 0-0 ክፈላለያ እንከለዋ፡ ማሰረት ንጹሓይ በርቂ 1-0 ሰዒራታ።

ኣብ ኩዕሶ መርበብ ደቂ ኣንስትዮ፡ ጹሓይ በርቂ ንጽግዖት 2-0፡ ኣብ ደቂ ተባዕትዮ ፈንቅል ንጽግዖት 2-1 ተዓዊተናሎን።

ወሸጣዊ ውድድራት እዚ ሓይሊ ኣየር ኤርትራ፡ ጽባሕ ረቡዕ ብግጥማት ኩዕሶ እግሪን ኩዕሶ መርበብን ቀጺሉ ክውዕል'ዩ።

---

## ኣብ ከረን ውድድር ብሽክለታ ተኻዩዱ

ፌደረሽን ቅድድም ብሽክለታ ከተማ ከረን፡ ምስ ባህልን ስፖርትን ከተማ ከረን ብምውህሃድ ዝሰርዖ ናይ ሰለስተ ሰናብቲ ውድድሩ፡ ሰንበት 18 ጥቅምቲ ኣብታ ከተማ ፈሊሙ።

ኣቐዲሞም ኣብ ዝሰላሰሉ ዝነበሩ ውድድራት፡ ብግዜ (ሰዓት) ጥራይ ዝተሓዘ እዩም ነይሮም። እዚ ሕጂ ተሰሪዑ ዘሎ ውድድር ግን፡ ብሃጠቢን ግዜን ዝጸምገመሉ ናይ ቀጠልያን ብጫን ማልያታት ዝዕወቱሉ ኮይኑ ኣሎ። ብዝይካዚ፡ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ምድብ ናይ መዓልቲ ብሉጽ ተቐዳዳማይ ዝሽለመሉ እዩ። ኣብዚ ውድድር፡ ናይ መንጎ ጸወታ ቅጽበታዊ ጸወታ (ኢንተርሚደይት ስፕሪንት) እውን ነይሩ።

በዚ መሰረት፡ ኣብ ናይ 41.8 ኪሎሜተር ውድድር ደቂ ኣንስትዮ፡ ደሊና ዳዊት ካብ ጋንታ ሻለቱ፡ ንመቐዳደምታ ዙርያ ደሪባ ተዓዊታ። 17 ነጥቢ'ውን ረኺባ። ብልጽቲ ተቐዳዳሚት ናይቲ ዕለት ከኣ ተባሂላ።

ማውንተይን ባይክ ምድብ 'ሐ' ደቂ ተባዕትዮ፡ ናይ 51.3 ኪሎሜተር ውድድር ተሰሪዑሎም። ተቐዳዳማይ ገዛ ጥንዳ ኣሕመድ ያሲን ከኣ፡ ብጠምጋም ኣብ ሰዓት 30.7 ኪሎሜተር እናተጓዕዘ ብ1 ሰዓት፡ 42 ደቓይቕን 21 ካልኢትን ቀዳማይ ኣትዩ፡ 15 ነጥቢ'ውን ረኺቡ። ረዛቕ ኢስማዒል ካብ ሳልምባ፡ 1 ደቒቕን 57 ካልኢትን ድሒሩ ካልኣይ ኣትዩን 11 ነጥቢ ረኺቡን። ክልቲኦም ንመወዳድርቶም ዙርያ ደሪቦም ዛዚሞም። ኣሕመድ፡ ብሉጽ ተቐዳዳማይ ተጻዊዑ።

ኣብ ምድብ 'ለ'፡ ተቐዳዳማይ መጉዓዝያ ያሰር መሓመድዑመር፡ ን81.7 ኪሎሜተር ብጠምጋም 32 ኪሎሜተር ኣብ ሰዓት እናተጓዕዘ፡ ብ2 ሰዓት፡ 33 ደቓይቕን 13 ካልኢትን ብምዝዛም ተዓዊቱ፡ 15 ነጥቢ ድማ ከሲቡ። ቢላል ኑር ካብ ሳልምባ 1 ደቒቕን 14 ካልኢትን ድሒሩ ትሽዓተ ነጥቢ፡ የብል የሴፍ ካብ ገዛ ጥንዳ 3 ደቓይቕን 18 ካልኢትን ድሒሩ ሸሞንተ ነጥቢ፡ ኢብራሂም ሓሰን ካብ ሳልምባ ድማ 4 ደቓይቕን 19 ካልኢትን ቡዙ ኣቐዲሙ ኣብ ኢንተርሚደይት ዝረኸቦ ነጥቢ፡ 11 ክእከብ ክኢሉ ኣሎ። እዞም ተቐዳደምቲ፡ ንመወዳድርቶም ብዙርያ ገሊፎም ውድድሮም ፈጺሞም። ብሉጽ ተቐዳዳማይ፡ ያሰር ተባሂሉ።

100.7 ኪሎሜተር ኣብ ዝተሰርዓሎም ምድብ 'ሀ'፡ ናይቲ ዕለት ብሉጽ ተቐዳዳማይ ዝተባህለ ኣቤል መጉዓዝያ - ድሌት ሳምሶን፡ ብ3 ሰዓት፡ 8 ደቓይቕን 49 ካልኢትን ተዓዊቱ። ኖህ ኣብራ - ገዛ ጥንዳ፡ ኣቤል ታደሰ - ሻለቱ፡ ዳንኤል ማንታይ - መጉዓዝያ፡ ነብል ኣደም - ገዛ ጥንዳ፡ መሓመድ ኣደም - ሻለቱ፡ ግዜ ከይከሰሩ ክሳብ ሻዱሻይ ኣትዮም። እዞም ዲቪዥን፡ ብጠምጋም ኣብ ሰዓት 32.2 ኪሎሜተር ተጓዒዞም።

ተቐዳደምቲ ዳ ኮርሱ 121.6 ኪሎሜተር ተሰሪዑሎም፣ ብጠምጋም ኣብ ሰዓት 37.1 ኪሎሜተር እናተጓዕዙ ድማ፡ ብ3 ሰዓት፡ 16 ደቓይቕን 29 ካልኢትን ወዲኦሞ። ተቐዳዳማይ ሬድ ሲ - ፊንሓስ ጸጋይ ከኣ፡ ቀዳማይ ብምእታው 13 ነጥቢ ረኺቡ። ደቂ ጋንታኡ የናታን እድሪስ 11 ነጥቢ፡ ሩኒ ሙሴ 10፡ ህያብ ኣማኑኤል ሸውዓተ፡ ሲመር ሰዩም ሽዱሽተ፡ የናታን ጉብረሂወት ከኣ፡ ምስ ኢንተርሚደት ብድምር ሸውዓተ ነጥቢ ኣኪቦም ኣለዉ። ሩኒ ሙሴ፡ ብሉጽ ተቐዳዳማይ ተጻዊዑ።




እዚ ውድድር፡ ሰንበት 25 ጥቅምቲ፡ ካልኣይ መድረኽ ክሳላሰል ምዃኑ፡ ህዝባዊ ርክብት ፌደረሽን ቅድድም ብሽክለታ ከተማ ከረን ሓቢሩ።

---

## ከረን - ሻምፕዮን ቀዳማይ ዲቪዥን ቀጺሉ

ግጥማት ኩዕሶ እግሪ ቀዳማይ ዲቪዥን ከተማ ከረን፡ ብቕዳመ ሰንበት ኣብ ዝቐጸለሉ፡ ዳርስሎም፡ ገዛ ጥንዳን ደሴትን ተዓዊቶን።

ቀዳም፡ ኢትዓብር ንዳርስሎም ኣብ ዝዓደመትሉ ጸወታ፡ ካብ ዕሶማን መዓመድዓሊ ሸቶ ብምቑጻር 1-0 ናብ ዕረፍቲ መሪሓ ወጺኣ። ድሕሪ ዕረፍቲ'ውን ዳርስሎም ንጸወታ ጸቒጣ ብምብጋስ ብመገዲ ኤሙሀሰ የውሃንስ ሸቶ ብምውሳኽ 2-0 ተዓዊታ። ኣይመን ኣብነበር ናይ ዳርስሎም፡ ብሉጽ ናይቲ ግጥም ተባሂሉ።





ጸወታ ኣስሙድን ደንደንን ቀዳማይ እብረ ሸቶ ከይተመዝገቦ ተዛዚሙ። ደንደን ኣብ ካልኣይ እብረ ካብ ፊሊሞን ኤርምያስ ብዝበልጸቲ ቅላዕ መቐጸዕቲ ሸቶ ብምምዝጋብ መሪሕነት ሒዛ። ጽንብላ ከየስተማቐረት ግና፡ ኣብ ናይ ሓደ ደቒቕ ፍልልይ ኣስሙድ ብመኣዝን ዝለኣኸታ ኩዕሶ ዋኢል ኣሕመድ ናብ ሸቶ ቀይሩዋ። 1-1 ድማ ተፈላልዮን። ሓያሎ ፈተነታት ዝምከሩ ሓላው ልዱት ኣስሙድ - ሚሮን ኣለምሰገድ፡ ብሉጽ ተጻዋታይ ናይቲ ግጥም ተሰይሙ።

ብሰንበት፡ ከረን ጀዲድ ምስ ካልኣይቲ ደረጃ ሒዛ ትርከብ ገዛ ጥንዳ ተራኺባ። ብዓብላሊ ብቐዳት ብሳምሶን ክብርኣብ ክልተ ሸቶታት ብምምዝጋብ መሪሓ ናብ ዕረፍቲ ወጺኣ። ካብ ዕረፍቲ ምስ ተመልሰ'ውን ዓብላልነታ ብምቕጻል ሓንቲ ካብ ተማሰሮን ብርሃኑ ክልተ ሸቶታት ድማ ሳምሶን ብምውሳኽ ብገፊሕ 5-0 ሰዒራ። ቀዳመይቲ ንዘላ ዳርስሎም ከኣ ትስዕብ ኣላ። ሰተር ሃትሪክ ዝሰርሐ ሳምሶን ክብርኣብ ብሉጽ ተጻዋታይ ናይቲ ግጥም ተሰምዩ።

ጸወታ ኣልነጅምን ደሴትን ብዓወት ደሴት 1-0 ተዛዚሙ። ስብሃቱ ሃብተማርያም፡ ኣብ መበል 80 ደቒቕ ንመዕወቲት ሸቶ ደሴት ከምዝመዝገቦ፡ ወኪል ዜና ናይታ ከተማ ሓቢሩ።

---

## ሰመኒዮ፡ ንክልተ ኣዋርሕ ተኣልዩ

ሓደ ካብ ኣገዳስቲ ተጻወትቲ ማን ሲቲ ዝኾነ - ኣንቶን ሰመንዮ፡ ሰሪ ዘጋጠሞ መጉዳእቲ፡ ንኣስታት ሸሞንተ ሳምንቲ ካብ ጸወታ ከምዝርሕቕ፡ ዓላሚ ናይታ ክለብ ኢንዞ ማረስካ ሓቢሩ።

ሰመንዮ፡ ኣብቲ ቀዳም ንኢፕስዊች 3-0 ዝሰዓሩሉ ናይ ፕሪመር ሊግ ጸወታ ተተኪኡ ኣሎ - ማረስካ። ሃላንድ፡ ኣብቲ ጸወታ ክልተ ሸቶታት ብምምዝጋቡ ኣብ ዓወት ጋንታኡ ልዑል ተራ ተጻዊቱ እዩ።

ዝሓለፈ ረቡዕ ኣብ ጸወታ ሻምፕዮንስ ሊግ ብፒኤስጂ 4-0 ዝተሳዕረት ማን ሲቲ፡ ሎሚ ንግሪካዊት ክለብ ኤኢኬ ክትዕድማ እያ።



እዩ። ብሰንኪ ኣብ ጸጋመይቲ ብርኩ ዘጋጠሞ መጉዳእቲ፡ ኣብ መበል 76 ደቒቕ ተቐይሩ ከወጽእ ተቐሲቡ።

"ድሕሪ ዝተገብረ መርመራ፡ ቁሩብ ተረጋጊእና፣ ምኽንያቱ ከምቲ ዝፈራሕናዮ ከቢድ መጉዳእቲ ብዘይምዃኑ። ክሳብ ሸሞንተ ሳምንቲ ግና፡ ክርሕቕ ይኽእል እዩ" ድማ ኢሉ - ማረስካ፡ ትማሊ ሰኑይ ንናይ ሻምፕዮንስ ሊግ ጸወታ ኣብ ዝሃቦ ጋዜጣዊ መግለጺ።

ማረስካ፡ ወላ'ኳ ንሰመንዮ እንተኸሰረ፡ ኣብ ቦታኡ ክጻወቱ ዝኽእሉ - ኢልማን ኢንጂያየ፡ ጀረሚ ዶኩ፡ ፊል ፎደን፡ ቸርኪን ኣላንን ብምህላዎም፡ ብዙሕ ኣማሪጺ ኣለዎ።

ብዘይካዚ፡ ድሕሪ'ቲ ናይ ቀዳም ጸወታ ክሕንክስ ዝተራእየ ዓንተር ኣጥቃዓይ ናይዛ ጋንታ - ኤርሊን ሃላንድ፡ ሎሚ ከርክብ

---

## "ንያማል ምዕጋት ቀሊል እዩ" ዓላሚ ፒኤስጂ

ኣሰልጣኒ ፒኤስጂ - ሉዊስ ኤንሪከ፡ ንተጻዋታይ ባርሴሎና ላሚን ያማል ካብ ስራሕ ወጻኢ ንምግባር፡ ቀሊል ምዃኑ ገሊጹ።

ፒኤስጂ፡ ኣብ ጸወታ ሻምፕዮንስ ሊግ፡ ሎሚ ንባርሴሎና ክትዕድማ እያ። ካብቲ ብዙሕ ኣቐዲሙ ተሳዒሉ ዘሎ ሃዕባታት ከኣ፡ 'ፒኤስጂ፡ ንያማል ብኸመይ ደው ክተብሎ እያ፡' ዝብል እዩ።

"ኣዝዩ ቀሊል እዩ። ኩዕሶ ክትበጽሖ ከምዘይብሉ ክትገብር ኣለና፣ ምኽንያቱ እንተበጺሓቶ፡ ሓደገኛ እዩ። ብሓፈሻ፡ ዝበለጸ መገዲ ንያማል ንምክልኻል፡ ባርሳ ንዊሕ ግዜ ኩዕሶ ከምዘይትሕዝ ምግባር እዩ። ቀጻሊ ምሳና ክትህሉ ኣለዋ።" ኢሉ ኤንሪከ። ኣብ ባርሴሎና፡ ከም ራፊንያን ፔድሪን ዝኣመሰሉ ብሉጻት ተጻወትቲ ከምዘለዉ ብምሕባር ከኣ፡ ኣብ ያማል ጥራይ ከምዘይተኮሩ ኣፍሊጡ።

ብዘይካዚ፡ እዚ ስጳኛዊ ዓላሚ፡ ንያማል ምስ ሊዮኔል መሲ ምንጽጻር ከም ዘይከኣል ገሊጹ። ንሱ፡ "ዝኾነ ተጻዋታይ ምስ መሲ ኣይነጻጸርን እዩ። ያማል፡ ኣዝዩ በሊሕ እዩ፣ ንኡስ መሰሉ ከኣ ክቕልጽ ኣለዎ።" ኢሉ።

ስጳኛዊት ክለብ ባርሴሎና፡ እዚ ወቕቲ ካብ ዝፍለም ካብ ዘካየደቶም 11 ግጥማት ናይ ዝተፈላለዩ ውድድራት፡ ኣብ ኩሉ ተዓዊታ ኣላ። 48 ሸቶታት ኣመዝጊባ፣ 11 ጥራይ ተቖጺሩዋ።

እዛ ኣብ ጥርዚ ቁመና ዘላ ጋንታ፡ ሎሚ ምስ ናይ ዝሓለፉ ክልተ ዓመታት ሻምፕዮን ኤውሮጳ ፒኤስጂ ኣብ እትካየዶ ግጥም፡ ናይ ዘይተሳዓርነት ጉዕዛኣ ንምቕጻሉ ድማ ከቢድ ብደሆ ከምዝጽበያ ይግመት።






## መደብ ጸወታ

**ሎሚ**

**ሻምፕዮንስ ሊግ ሳልሳይ ናይ ምድብ ጸወታ**

ባርሕ - ዶርትሞንድ 7:45 ድ.ቀ
ፈንርባች - ስላቪያ ፕራግ 7:45 ድ.ቀ
ፒኤስጂ - ባርሴሎና 10:00 ድ.ቀ
ማን ሲቲ - ኤይኢኬ 10:00 ድ.ቀ
ናፖሊ - ቦዶ 10:00 ድ.ቀ
ፖርቶ - ፒኤስቪ 10:00 ድ.ቀ
ሮማ - ስሎቫን ብራቲስላቫ 10:00 ድ.ቀ
ሊቨርፑል - ቪያሪያል 10:00 ድ.ቀ
ሽቱትጋርት - ኣትለቲኮ ማድሪድ 10:00 ድ.ቀ

# ዜና ዓለም

ማርታ ክብሮም

## ኣርተፊሻላዊ ብልሒ ኣብ ቁጠባ ቻይና ዓቢ ኣበርክቶ ይገብር

ኣብዚ ዝሓለፈ ርብዒ ዓመት ናይ 2026፡ ቁጠባ ቻይና ብኣርቲፊሻላዊ ብልሒ (AI) ተደጊፉ ካብቲ ትጽበዮ ዝነበረ ንላዕሊ ቅልጡፍ ዕብየት ከም ዘመዝገበ ጸብጻባት ናይታ ሃገር ሓቢሮም።

ሓፈሻዊ ወሽጣዊ ፍርያት ቻይና፡ ካብቲ ኣብ ርብዒ ዓመት ናይ 2025 ዝተመዝገበ መጠን ብ4.5 ሚእታዊት ዕብየት ከም ዘርኣየ፡ እቶም ጸብጻባት ወሲኾም ኣመልኪቶም።

ምስ ቴክኖሎጂ ዝተኣሳሰረ ንግዳዊ ሰደድ ቻይና፡ ብሓገዝ ኣርቲፊሻላዊ ብልሒ ቅልጡፍ ዕብየት የርኢ ከም ዘሎ እዩ ዝገለጸ።




ብሓፈሻ፡ ንግዳዊ ሰደድ ቻይና ኣብ ዝሓለፈ ርብዒ ዓመት ብልዕሊ 16 ሚእታዊት ብምዕባይ፡ ናይ 3.47 ቢልዮን ዶላር ወሰኽ ከም ዘርኣየ፡ እቲ ትማሊ ዝተዘርገሐ ወግዓዊ ጸብጻብ ይጠቅስ።

ብዘይካዚ፡ ቻይና ኣብ መዳይ ኢንዱስትሪን ዕደናን'ውን ናይ 5.3 ሚእታዊት ዕብየት ከም ዘመዝገበት እዩ እቲ ጸብጻብ ዘረድእ።

ዋላ'ኳ ዓለማዊ ወጥሪ ኣብ ዝለዓለ ጥርዚ በጺሑ እንተ ሃለወ፡ ቻይና ግን ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ዘመዝገበቶ ናይ 1.2 ትሪልዮን ዶላር ትርፊ ንግዳዊ ሰደድ ዝያዳ ንምዕባይ ትሰርሕ ከም ዘላ እዩ ዝገለጸ።

## "ዘለንስኪ ኲናት ከብቅዕ ድሌት የብሉን" ፕረዚደንት ትራምፕ

መራሒ ዩክሬን ቮሎድሚር ዘለንስኪ፡ ኣብ መንጎ ሃገሩን ሩስያን ዝቐጸለ ዘሎ ደማዊ ግጭት ብዘተ ከብቅዕ ድሌት ከም ዘይብሉ፡ ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ ሓቢሩ።

ትራምፕ ዝሓለፈ ሰኑይ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት ኣብ ዝዘርገሖ ሓበሬታ፡ ዩክሬን ኣብ ልዕሊ ትካላት መጻረዪ ነዳዲ ሩስያ ተካይዶ ዘላ መጥቃዕቲ ዋጋታት ጸዓት ንኽወሰኽ ምኽንያት ኮይኑ ከም ዘሎ ገሊጹ።

ንሱ ኣብ መግለጺኡ፡ "ዘለንስኪ ዝገደሶ መራሒ ኣይኮነን። ኲናት ሩስያን ዩክሬንን ደው ክብል ይደሊ የለን። ቅድሚ ክልተ ዓመት፡ ካብዚ ሕጂ ክረኽቦ ዝኽእል ዝሓሸ ውዕል ክረክብ ይኽእል ነይሩ - ግን ኣጥፊኡዎ" ኢሉ።




ትራምፕ ቀጺሉ፡ ዩክሬን ኣብ ዕግርግር ከም ዘላ ብምግላጽ፡ ቁጽሪ ደቂ ተባዕትዮ ናይታ ሃገር ብሰንኪ እቲ ኲናት ሕጹጽ ከም ዘሎ ሓቢሩ።

ፕረዚደንት ዘለንስኪ ብወገኑ፡ ኣብቲ ገና ዝቐጸለ ዘሎ ደማዊ ኲናት ብፕረዚደንት ትራምፕ ዝተገልጸ ኮይኑ ከም እተሰምዖ ኣፍሊጡ።

"ፕረዚደንት ትራምፕ ንውሳኔታቱ ዳግመ ግምት ክገብረሉ ተስፋ እገብር፣ ምኽንያቱ ከሉ'ቲ ውሳኔታት ኣብ ጌጋ ዝተመርኮሰ'ዩ። ንዓና ይኹን ንኣመሪካ ከኣ ዝሕግዝ ኣይኮነን" ኢሉ።

ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ሩስያ ሰርጌይ ላቭሮቭ ድማ፡ ዘለንስኪ፡ ንኣመሪካን ሩስያን ቅቡል ዝኾነ ስምምዕ ሰላም ምስ ዝኸትም ካብ ስልጣኑ ክእለ ከም ዝኽእል ስለ ዝኣምን፡ ኣብ ስምምዕ ንምብጻሕ ድሌት ከም ዘይብሉ ገሊጹ።

## ሃገራት ኤውሮጳ ንዜጋታተን የጠንቅቃ

መንግስታት ሃገራት ኤውሮጳ፡ ኣብ ፈረንሳ ተፈጢሩ ዘሎ ጸጥታዊ ዘይምርግጋእ ኣብ ዝለዓለ ጥርዚ በጺሑ ኣብ ዘለወሉ፡ ናብታ ሃገር ዝኸዱ ዜጋታተን ልዑል ጥንቃቐ ክገብሩ ኣተሓሳሲበን።

ብሰንኪ ልዑል ዋጋታት ሃለኽቲ ነገራትን ምንቁልቋል ህዝባዊ ኣገልግሎታትን ኣብ መላእ ፈረንሳ ዝቕጽል ዘሎ ህዝባዊ ናይ ተቓውሞ ሰልፊ፡ ዝሓለፈ ቀዳመ ሰንበት'ውን ኣብ ዝቐጸለ፡ ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ሰለፍቲ ምስ ፖሊስ ድሕሪ ምግጫም ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ከም ዝኣተዉ ተገሊጹ።

በቲ ኩነታት ዝተሻቐለት ኢጣልያ፡ ኣብ ፈረንሳ ዘለዉ ዜጋታታ ልዑል ጥንቃቐ ክገብሩን ዘለውዎ ቦታ ንምፍላጥ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ክምዝገቡን መምርሒ ሂባ።

ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ጀርመን ድማ፡ ዜጋታቱ ካብ ፖሊስ ፈረንሳ ንዝወሃቡ መምርሒታት ክኽተሉ ኣተሓሳሲቡ'ሎ።

መንግስቲ ቸክ ሪፓብሊክ ብወገኑ፡ ኣብ ፈረንሳ ዝርከቡ ዜጋታቱ ካብ'ቲ ናይ ተቓውሞ ሰልፍታትን ህዝባዊ ምትእኽኻባትን ክቑጠቡ መኺሩ።

ፖላንድ፡ ኔዘርላንድስ፡ ዴንማርክ፡ ሽወደን፡ ፊንላንድን ኖርወይን ከኣ ተመሳሳሊ መልእኽቲ ኣመሓላሊፈን ከም ዘለዋ፡ መርበብ ሓበሬታ ሮይተርስ ኣመልኪቱ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ቀዳማይ ሚኒስተር ፈረንሳ ሰባስቲያን ለኮርኑ ብሰንኪ እቲ ዝቕጽል ዘሎ ጎደና ዝተሓወሶ ናይ ተቓውሞ ሰልፊ፡ ኣመሓደርቲ ዞባታት ኣብ ገለ ከተማታት ንውሕስነት ንግዳዊ ትካላት ከፊላዊ እገዳታት ክገብሩ ተማሕጺኑ።

ፕረዚደንት ፈረንሳ ኣማኑኤል ማክሮን ድማ፡ እታ ሃገር ኣብ ከቢድ ቅልውላው ከም ዘላ እኳ እንተ ተኣመነ፡ ንሚኒስተር ውሽጣዊ ጉዳያት ሎረንት ኑኘዝ ካብ ስልጣኑ ከውርዶ ብህዝቢ ንዝቐርበሉ ዘሎ ጠለብት ግና ከም ዘይጸገ ኣፍሊጡ'ሎ።




## እስራኤል፡ 10 ጥርጡራት ትኣስር

ፖሊስ እስራኤል፡ ምስቲ ዝሓለፈ ሰሙን ኣብ ምዕራባዊ ገምገም ኣብ ልዕሊ ሓንቲ ኣመራዊት ሰኣሊትን ጋዜጠኛን ዲፕሎማሲያዊ ኤውሮጳን ዝተኻየደ መጥቃዕቲ ብዝተሓሓዝ 10 ጥርጡራት ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ከም ዘእተወ ሓቢሩ።

እቶም ጥርጡራት ብዘማባሪት መጥቃዕቲ፡ ጥሕሰት ወተሃደራዊ ዞባን ዘይሕጋዊ ህንጻት ኣብይትን ተጠርጢሮም ከም እተቐየዱ'ውን ገሊጹ።

ፖሊስ እስራኤል፡ መንነት ናይቶም ጥርጡራት እኳ እንተ ዘይገለጸ፡ ሬድዮ ሰራዊት እስራኤል ግን፡ እቶም ጥርጡራት ኩሎም ዜጋታት እስራኤል ምዃኖም ሓቢሩ።

ዝሓለፈ ዓርቢ፡ ሃይዲ ሌቪን ኣብ ምዕራባዊ ገምገም ኣብ እትርከብ 'ኣቡ ፋላሕ' ዝተባህለት ቁሸት ብሰለስተ ደቂ ተባዕትዮ ከም እተቐጥቀጠት፡ መርበብ ሓበሬታ ኣልጀርስ ሓቢሩ ነይሩ።

ድሕሪ ሓደ መዓልቲ'ውን፡ መሸፈኒ ኣፍን ኣፍንጫን ዝለበሱ ነበርቲ ናይቲ ከባቢ፡ ኣብ ልዕሊ ታይቢህ ኣብ ዝተባህለት ቁሸት ምብጻሕ ዘካይዱ ዝነበሩ ኤውሮጳውያን ዲፕሎማሲያዊ መጥቃዕቲ ከም ዝፈጸሙ፡ እቲ መርበብ ወሲኹ ኣመልኪቱ።

ልኡኻተን መጥቃዕቲ ከም ዝወረዶም ዝገለጻ ፈረንሳ፡ ቤልጅየምን ፖላንድን ድማ፡ እስራኤል ስጉምቲ ክትወስድ ክጽውዓ ቀንየን ኣለዋ።

ካብ ዝሓለፈ ቀረባ ዓመታት ኣትሒዙ፡ ኣብቲ ብእስራኤል ተታሒዙ ዘሎ ምዕራባዊ ገምገም፡ ኣብ ልዕሊ ንጹሃን ዜጋታት ተደጋጋሚ መጥቃዕቲ ይፍጸም ከም ዘሎ'ዩ ዝገለጸ።



## የመን - ብመጥቃዕቲ ሑቲ 53 ሰባት ተቐቲሎም

ዕጡቕ ጉጅለ ሑቲ፡ ትማሊ ሰኑይ ኣብ ከተማ ሻብዋ - የመን ኣብ ልዕሊ ሓደ መዓስከር ታዕሊም መጥቃዕቲ ድሕሪ ምፍጻሙ፡ ብውሕዱ 53 ሰባት ክሞቱ እንከለዉ ካልኦት 200 ሰባት ከኣ ከም ዝቘሰሉ፡ ሰብ መዚ ናይታ ሃገር ሓቢሮም።

ብመሰረት እቶም ሰብ መዚ፡ ሑቲ ሰለስተ ባለስቲካዊ ሚሳይል ተጠቒሙ እዩ ነቲ መጥቃዕቲ ፈጺምዎ።

ምምሕዳር ከተማ ሻብዋ ኣብ ዝዘርገሖ ሓበሬታ፡ እቲ መጥቃዕቲ ኣባላት ወሽጣዊ ሓይልታት ጸጥታ ንምሩቓን ብርክት ዝበሉ ሓደስቲ መንእሰያት ወተሃደራዊ ስልጠና ኣብ ዝወሰዱሉ ዝነበሩ ግዜ ከም እተፈጸመ ገሊጹ።

መንግስታት የመንን ሰዑዲ ዓረብን ስርዓት ምክልኻል ኣየር ናይታ ከተማ ከይልደሉ'ውን እቲ ምምሕዳር ጸዊዑ።

እቲ ምምሕዳር ብዘይካ'ዚ፡ ኣብታ ከተማ ዝርከባ ክልተ መንግስታዊ ሆስፒታላትን ካልኦት ናይ ብሕቲ ትካላት ጥዕናን ኑቶም ውጉኣት ክሕከምሉን ኣድላዪ ኣብ ዝኾኑሉ እዋን ከኣ ኑቶም ብኸቢድ ዝቖሰሉ ናብ ዝሓሸ ካልኦት ትካላት ጥዕና ክሰጋገሩን መምርሒ ሂቡ ከም ዘሎ ኣፍሊጡ።

ሑቲ ካብ የመን ሓሊፉ ኣብ ልዕሊ ኣህጉራዊ መዓርፎ ነፈርቲ ሪያድን መንግስታዊ ኩባንያ ነዳዲ ኣራምኮን ዝቐንዐ መጥቃዕቲ'ውን የካይድ ከም ዘሎ እዩ ዝነገረሉ።

ሑቲ ኣብ 2016 ንከተማ ሰንዓ ድሕሪ ምቑጽጻሩ ብሰንኪ ኣብታ ሃገር ዘካይዶ ዘሎ ኣዕናዊ መጥቃዕትታት፡ የመን ሓንቲ ካብ'ተን ዝኸፍኣ ሰብኣዊ ቅልውላው ዘጋጠመን ሃገራት ኮይና ከም ዘላ እዩ ዝገለጸ።



| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ በራኺ | 20/10/2026 | ጎደና ከባቢ ፊያትታሌሮ ከባቢ ፊት ቶታል መዐደሊ ነዳዲ | 07147264 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services